
መበል 35 ዓመት ቁ.254 ረቡዕ 24 ሰነ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ምህሮ ንምንታይ፧

ገጽ 4
መሰልን ግቡኣትን ሃገራት ኣብ ዝተፈላለዩ . . .




ገጽ 5
መበቈል ሰማእቲ



ገጽ 7
ምልክታ

# ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ንሰማእታቶም ብሓበን ዘኪሮም

ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ስዊዘርላንድ፡ ዓባይ ብሪጣንያን ኣየርላንድን፡ ከምኡ’ውን ኣ’ደውሓ - ቐጠርን ቺካጎ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ንሰማእታቶም ብልዑል ክብሪን ሓበንን ዘኪሮም።

ኤርትራውያን ነበርቲ 26 ካንቶናት ስዊዘርላንድ ዝወደብዎ መደባት ዝኽሪ ሓበን፡ ብሰልፊ ሽምዓ፡ ናይ እግሪ ጉዕዞን ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታትን ዝተሰነየ ምንባሩ፡ ካብ ኤምባሲ ኤርትራ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ጀኔቫ ኣብ ዝተኻየደ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወ/ሮ ሶፍያ ተስፋማርያም ዝተረኽበትሉ ስነ-ስርዓት፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድን ቀዋሚ ልኡኽ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ትካላትን ኣብ ጀኔቫ ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ፡ ንታሪኻዊ ፍጻመ 20 ሰነ ድሕሪ ምግላጽ፡ ዝኽረ ሰማእታት ንኤርትራውያን ታሪኻዊ ሓላፍነትን ዕለት ምሕዳስ መብጽዓን ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣቦ-መንበራትን ሓለፍትን ካንቶናት ብወገኖም፡ 20 ሰነ ንዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ብሓበን እናዘከርና፡ ሕድሮም ንምትግባር መብጽዓና ንውፉይ ስራሕ እነረጋግጸላ ዕለት ምዃና ብምግላጽ፡ ስድራ ስዉኣት ምጥዋር ንመንግስቲ ጥራይ ዝግደፍ ሓላፍነት ስለዘይኮነ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ እጃሙ ከበርክት ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ከተማ ለንደን - ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ዝተኻየደ ዝኽሪ ሓበን፡ ተሳተፍቲ ብመንእሰያት ንዝተመርሐ ሰልፊ ኣሰንዮም፡ ቀንዴል ብምብራህ ናይ ሓባር ናይ እግሪ ጉዕዞን ናይ ሓደ ደቒቕ ናይ ሕልና ጸሎትን ኣካዪዶም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያን ኣየርላንድን ኣቶ ሳልሕ ዓብደላ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ንምርግጋጽን ንምውሓስን ንዝሓለፎ መሪርን ጽንኩርን መድረኻትን ዝኸፈሎ ረዚን ዋጋን ብምጥቃስ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ዓባይ-ብሪጣንያን ኣየርላንድን፡ ሕድሪ ሰማእታት ብምኽባር ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ንምስሳንን ስድራ ሰማእታት ንምጥዋርን ግብራዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ጸዊዑ።

ኣብ ከተማታት ሸፊልድ፡ ሌስተር-ሲቲ፡ ኒውካስል፡ ሊቨርፑል፡ ኖቲንግሃም፡ ኮቨንትሪ፡ ብሪስቶል፡ ካርዲፍ፡ ዌክፊልድ፡ ሚድልስብሮ፡ ሳውዝሃምፕተን፡ ሚልተን ከይኔስ፡ ግላስጎ፡ በርሚንግሃም፡ ማንቸስተር፡ ሊድስን ብራይተንን እውን፡ 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብልዑል ሓበን ተዘኪሩ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ብጠቕላላ 25,357 ፓውንድ ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ተወፍዩ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ሃገረ ቐጠር ብ19 ሰነ ኣብ ዝወደብዎ ተመሳሳሊ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ማሕበረኮም 10 ሽሕ ሪያል፣ ተሳተፍቲ ናይ’ቲ መደብ ድማ 7,200 ሪያል - ብድምር 17,200 ሪያል ደገፍ ንስድራ ስውኣት ኣበርኪቶም።

ኣብ’ቲ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣቶ ዓሊ ኢብራሂም ዝርከቦም ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ምብራህ ሽምዓ ክካየድ እንከሎ፡ ንሰማእታት ዘመጉስን ሓላፍነት ምሕብሓብ ስድራቤቶም ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ከምዝኾነ ዘገንዝብ መደረታት ቀሪቡ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ቺካጎ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነብሩ ኤርትራውያን ንሰማእታቶም ብሓበን ኣብ ዝዘከሩሉ ኣጋጣሚ፡ መብጽዓኦም ንምትግባር ሕድሪ ሰማእታት ኣረጋጊጾም።

እቲ ሃገራዊ ክብረታት ናብ ህጻናት ብዘስርጽ ኣገባብ ዝተኻየደ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ብናይ እግሪ ጉዕዞን ስነ-ጥበባዊ ትሕዝቶን ዝተሰነየ ነይሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፍነት ምንባይ ተወሰኽቲ 35 ስድራ ሰማእታት ን2 ዓመት ከምዝወሰዱ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።






# ሞልቁን ጎልጅን - 890 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡሳን ዞባታት ሞልቁን ጎልጅን፡ ብምኽንያት 20 ሰነ - ህዝብን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዘዋጽእዎ 890 ሽሕ ናቕፋ፡ ንስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቁ ብ17 ሰነ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ 90,000 ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ከምእተዓደለ፡ ኣካያዲ ስራሕ ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ህንጻኣብ ወልዱ ገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣቶ ፍቕረስላሴ የማነ ብወገኑ፡ እቲ ሓገዝ መርኣያ ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ ገንዘብ ካብ 19 ምምሕዳራት ከባቢ ንዝተለለያ ስድራ-ቤታት ከምእተኸፋፈለ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሞልቁ ኣቶ ዘርኣይ በርሀ ድማ፡ ስለ’ቲ ዝተወሰደ ተበግሶ ብምምጓስ፡ክንጽዮ’ቲ ቁጠባዊ ሽግር ዝኸይድ ረዚን ትርጉም ስለዘለዎ፡ ብዝተወደበ መልክዕ ክቕጽል ተላቢዩ።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ህዝብን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዘዋጽእዎ 800,000 ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ።

ኣብ’ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ኣቶ ደሴ ገብረሚካኤል ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናብዮት ስድራ ስዉኣት ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ብፍላይ ኣብ ማሕረስ ንዝግበር ዘሎ ሓገዝ ንስድራ ስዉኣት ብዘለዓለ ክድፋኣሉ ምዃኑ ኣረዲኡ።



# እምኒ-ሓይሊ - ኣስከሬን ሰማእታት ኣብ ናይ ክብሪ ቦታኡ ዓሪፉ

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ኣብ እዋን መኸተ ምኽባር ልኡላውነት ናይ ዝዘበጀዉ 28 ሰማእታት ኣስከሬናት፡ ካብ ዝበርሮ ቦታታት ተላዒሉ ናብ ናይ ክብሪ ቦታኡ ዓሪፉ።

ብ20 ሰነ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣብ ዝተፈጸመ ስነስርዓት፡ ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኒቲ ኣስከሬናት ብሰልፊ ኣሰንዮም ብኽብሪ ሓመድ ኣዳም ኣልቢሶሞ።

ኣዚዚ ናይተን ኣብ ምእካብ ኣስከሬናት ሰማእታት ተዋፊረን ዝነበራ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ዘስመዐ ቃል፡ እቲ ናይ ምእካብ ማስርሕ ኣብ ጸዕዳ ቀላይን ኣዲናን ዝበሃል ቦታታት ከምእተኻየደ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ሕቑፍ ዕንባብ ድሕሪ ምንባር ኣብ ዘስመዓ ቃል፡ ኒቲ ኣስከሬን ሰማእታት ኣብ ምእካብን ምምዕዛብን ንዝተራእየ ንጡፉን ዕዙዝን ተሳትፎ ምምሕዳራት ከበቢ ዓዲ-ባሓይላይን ዓዲ-ያቆብን መጕሰ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ንቕያን ጅግንነትን ሰማእታት ዘመጕስ ስነጥበባዊ ዕዮ ቀሪቡ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ደቀምሓረን ጫ ሓርትትን - ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዘዋጽእዎ ልዕሊ 21 ሽሕ ናቕፋ፡ ብምምሕዳራት ንዝተሰለየ ስድራ ስውኣት ተመቓሪሖ።

ከርቲ ደቀምሓረን ኣቦ'ታ ከተማ ዝርከባ ሰራሕተኛታት መንግስትን'ውን፡ ኣብ ቀጽሪ ፓርክ ሰማእታት ወፈራዊ ስራሕ ከምዝሰላሰሉ፡ ወከል ኢሪና ሓቢሩ።



ብተመሳሳሊ፡ ተመሃሮ፡ መምህራንን ሰራሕተኛታትን ኮለጅ ትምህርትን ስኡ ቋንቋን ዓዲ-ቐይሕ 58 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስውኣት ከበርክቱ ከለዉ፡ መደብ ዋርሳ ብጡዳይም ተጋደልቲ ተኻፊዱ፤ ኣባላት ክፍሊ-ሰራዊት 16/70 ኣር ደማ ንስድራ ስውኣት ፐዝቦዊ ሓገዝ ምሕራስ ግርሁ፡ ምጽጋን ኣብይትን ምዕዳል ዘርእን ዘጠቓልል መደባት ኣካይዶም።

# ኣስመራ - ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን ወለንታዊ ልግሲ ደም ተኻፊዱ

ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን ብ19ን 21ን ሰነ ወለንታዊ ልግሲ ደም ተኻፊዱ።

በዚ መሰረት፡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዋሚ ዘርፍ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ብ21 ሰነ 55 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ኣቦመንበር ማሕበር ኣቶ ጀማል ሳልሕ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ማሕበሮም ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ፡ ብስሩዕ ኣብ ነፍሱ ወከፍ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ክልግስ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ እዚ ናይ ሕጂ ብፍሉይ ምስ 20 ሰነ ተተሓሒዙ ዝተወስደ ተበግሶ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ልግሲ ደም ኣብ ርእሲ'ቲ እትረኽቦ ሕልናዊ ዕግበት፡ ኩነታት ጥዕናኻውን እትፈልጠሉ ስለዝኾነ ኣገዳስነቱ ልዑል



ምዃኑ ዝጠቐሱ ተሳተፍቲ፡ ኣብ ቅንያት 20 ሰነ ደም ምልጋስ፡ ሪዚን ትርጉም ከምዘለዎ ኣረዲኦም።

ብተመሳሳሊ፡ ሰራሕተኛታት ኩባንያ መጕዓዝያ ሓረት ብ19 ሰነ ኣብ ዘካየድዎ



ስእሊ. ክብሮም ጸሃየ

ተመሳሳሊ መደብ፡ 72 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ከርቲ ንኡሳን ዞባታት ጎዳይፍን ፓራዲዝን፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ንስድራ ሰማእታት ፐዝቦዊ ደገፍ ገይሮም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ 154 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስውኣት ክመቓሪሕ ከሎ፡ ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ፓራዲዝ ድማ ሎሚ ዓመት ናብ ሳዋ ንዝወርዱ 10 ተመሃሮ ብድምር 25,000 ናቕፋ ተዓዲሉ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ ወ/ሮ ትብለጽ ተወልደን ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ፓራዲዝ ወ/ሮ ስዩም ሰይድን ብበወከን ኣብ ዘስመዕኦ ቃል፡ ንዝተበርከተ ፐዝቦዊ ደገፍ ብምምጓስ፡ በበእዋኑ ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክወሰድ ኣዘኻኺረን።

# ሳዋ - ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ማእቶታዊ ስራሕ ተሰላሲሉ

ኣባላት ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት - ሳዋ፡ ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም።

እቲ ልዕሊ 1,300 ኣባላት ዝተሳተፍዎ ዕማም፡ ምጽጋን ቀጽሪ መቓብር ሰማእታት፡ ምኽስኻስን ጽሬትን ዘጠቓልለ ነይሩ።

ሓላፊ ስታፍ ህንጻ ካፕተን ተስፋጼን ተወልደ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መደብ ኣካል ናይ'ቲ ንሰማእታትና ብሓበን ንምዝካር ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ክካየድ ዝጸንሐ ማሳንድኣታት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሓላፊ ምምሕዳር ካፕተን ኣተኽም ሃይለ ብወገኑ፡ ዓመት መጸ ብምኽንያት 20 ሰነ ዝካየድ ንጥፈታት፡ ኣካል ናይ'ቲ ሕድሪ ሰማእታት ንምትግባር ዝኣተናዮ መብጽዓ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።



ስእሊ. ሙሴ ኪዳን


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ደ/ቀ/ባሕሪ - ክረምታዊ ወፍሪ ተመሃሮ ብጽቡቕ ይሰላሰል ኣሎ

ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ክረምታዊ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ካብ 8 ሰነ ጀሚሩ ብጽቡቕ ይሰላሰል ከምዘሎ፡ ሓላፊ ኣሃዱ 2ይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር ብርሃነ ገብረእግዚኣብሄር ሓቢሩ።

ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ወፍሪ፡ ኣስታት 590 ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ኣብ ምሉእ'ቲ ዞባ ተዋፊሮም ከምዘለዉ ኣፍሊጡ።

እቲ ዝዕመም ዘሎ መደባት፡ ብቐንዱ ኣብ ምግራብን ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዘተኮረ ኮይኑ፡ ምትካል ኣግራብ ሾራ ኣብ ደሴታትን ገማግም ባሕርን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቀጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኣግራብ ዝኸውን ጎዳጉዲ ምኹዓት፡ ምግራብን ምኽስኻስን የጠቓልል።

ኣብ ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ናይ'ቲ ዞባ - ክኢላ ምግራብ መንእሰይ ዓሊ ኣሕመድን ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ - ክኢላ ልምዓት ገረብ ሾራ መንእሰይ ሓይልኣብ ተወልደመድህንን ብግደኦም፡ ረብሓታት ገረብ ሾራ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ደሴት ፋጡማ ብዝበዝሒ ክትከል መደብ ከምዘሎ ገሊጾም።

# ዛዕባ ሎሚ

## ምህሮ ንምንታይ፧

ኣሴር ሰለሙን

ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ “ዓንቢ ውራያት መመረቕታ ይገፍሑ ኣለዉ” ዘርእስቱ ብፕሮፌሰር ጉብረብርሃን ዑቕባዝጊ ዝተጻሕፈ ርእይቶ ኣንቢበ ነይረ። ብሓቂ ቅቡል ርእይቶ እዩ። ባህጊ ወለዲ ርዱእ ኮይኑ፡ ብዚያዳ ክሓስቡሉን ክቃወሙዎን ዘለዎም ድማ እቶም ዝምረቑ መንእሰያት እዮም። ምኽንያቱ ምህር ሸግር ክፈትሕ እምበር ሸግር ክፈጥር ኣይተማህረን።

ቅድሚ ናብቲ ኣልዒለዮ ዘለኹ ኣርእስቲ ምእታወይ፡ ምስዚ ናይ ውራያት ጉዳይ እትተኣሳሰር ሓንቲ ዋዛ ወስ ክብለኩም።

ሓደ ግዜ፡ ናብ ጽንብል መመረቕታ ሓደ ብዲግሪ ዝተመረቐ መንእሰይ ንኺይደ። እቲ ውራይ ኣብ ለምለም ዳስ፡ ብጦንድ ዝተሰርሐ ኣመና ምዕሩግ፡ ክቡድ ዝበለ ወጻኢታት ዝፈሰሶ፡ ብዙሕ ሰብ ዝተዓደመሉ፡ “መመረቕታ፡ ካብ መርዓ ንላዕሊ ከፊኡና” ዝበሉ ዕዱማት ድማ፡ ኣረቂ ደዩ ካልእ ህያብ ሒዞም ዝተኣኻኸቡሉ ገፊሕ ውራይ እዩ። ሽግይና ተቖጻጺሩ፡ ሳዕሲዕና፡ ብቪድዮታት ተቐሪጽና፡ ንተመራቒ “እንቋዕ ፍረ ጻዕርኻ ኣርአየካ” ኢልና ተሰናቢትናዮ ምስ ወጻእና፡ እቲ ምሳይ ዝነበረ ሰብ፡ በቲ ዝረአዮ ገፊሕ ውራይ ኣስተንኪሩ፡ “እዚ ኩሉ’ስ እንታይ ኣድለየ?” ክብል፡ ንቲ ኣብዚ እዋን’ዚ ጠገለ እናሰኣነ ዝኸይድ ዘሎ ገፋሕፋሕ ናይ ውራይ ክቅፍ ጀመረ’ሞ፡ ኣብ መወዳእታ “ንምንታይ’ሽ እንታይ ኣጸገዎ?” ክብል ተወከሰ።

“ቁጠባ (Economics)” ምስ በልኩዎ ብሰሓቕ ክርትም በለ።

“እሞ ኣርባዕተ ዓመት ምሉእ ዝተማህሮስ ኣይተረድኦን ማለት’ዩ” ምስ በለ፡ ኣነውን ሰሓቕኩ። “ባዕልኻ’ዶ ሰብ ዓዲምካ ትጽረፍ” ድማ በልኩ ብውሽጠይ።

ዝተና ብኢጋጥሚ ምዕጻው ኣብየተ ትምህርቲን መመረቕታን ዝተሓሰለ እዩ። በዚ ኢጋጥሚ መንእሰያት፡ እዚ ጠገለ እናሰኣነ ዝኸይድ ዘሎ ውራይ መመረቕታታት ባህሊ ስልጣነ ከምዝይኮነ ብምግንዛብ፡ ብስልጡን ባህሊ ክትክእኦ ናይ ምህራን ግደና ክንጻወት የድሊ። ምህር፡ ትምህርቲ መወዳእታ ከምዝይብሉ’ዩ ዝኣምን። ኣብ ባህሊ ምህራን ኣካዳምያዊ ትምህርቲ፡ ናብቲ ናይ ብሓቂ ፍልጠትን ክእለትን ንምምራሽ ፍናት ዝጸርግ ድኣ እምበር ናይ መወዳእታ ዕላማ ኣይኮነን። ሰብ ምህር ዝበሃል በቲ ዝተማህሮ ዓውዲ፡ ንሕብረተሰቡ ዝጠቅም ኣበርክቶ ምስ ፈጸመ ጥራይ እዩ። ምኽንያቱ ዕላማ ምህሮ ንደሞዝ ወይ ኣፈስ ንምሓዝ ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ዕላማ ምህሮ ዝተማሃርናዮ ፍልጠት ብግብራዊ ስራሕ ንምስፋሕ ካብኡ ተበጊሶካ ድማ ለውጢ ንምምጻእ እዩ። ለውጢ ናይ ተግባርን ሓሳባትን ዘየምጽእ ምህሮ ግን ከም ምህሮ ክቖጸር ኣጸጋሚ እዩ።

ናብ ቀንዲ ኣርእስትና “ምህሮ ንምንታይ፧” ክንሰግር። ዘለናዮ ቅኑዕ ትካላት ትምህርቲ ንክረምታዊ ዕረፍቲ ዝዕጸዋሉ፡ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝወድኡ መንእሰያት ናብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዘሰጋግር ትምህርቲ ንምቕሳምን ሃገራዊ ኣገልግሎቶም ንምፍጻምን ናብ ማእከል ስልጠናታት ሳዋ ዝኣትዉሉ፡ ንዓመት መመላእታ ኣካዳምያዊን ወተሃደራዊን ትምህርቲ ክቐስሙ ዝጸንሑ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝምረቑሉ፡ ኩለኛትን ኣብያተ ትምህርቲ ሰሉኪኑትን ብዝተፈላለየ ዓውድታት ንዓመታት ዘሰልጠናኦም ተማሃሮ ብምምራቕ ፍረ-ጻዕረን ዝሓፍሳሉ፡ ትምህርቶም ዝዛዘሙ መንእሰያትን ወለዶምን ብኩብኩብ መመረቕታ ዝፍስሁሉ ናይ ደሰ-ደሰ ቅንያት እዩ። በዚ ኢጋጥሚ’ዚ፡ መንእሰያት ብዛዕባ ትምህርቲን ዕላማታቱን ክህልዎም ዝግባእ መረዳእታ ንምስፋሕ ዝሕግዝ ሓሳባት ኣልዒልና ክንዋግዕ።

ውሉድ ካብ ወለዱ ብኹሉ መዳይ ዝሓሸን ዝማዕበለን ክኸውን ሕጊ ተፈጥሮ እዩ። ከመይሲ ወለዲ ዘለዎም ፍልጠትን ተመኩሮን ካብ ወለዶምን ቅድሚኦም ዝነበሩ ወለዶታትን ዝወረሱዎ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ ናቶም ተመኩሮን ፍልጠትን ወሲኾም ናባኻ የሰጋግሩዎ። ንሳኻ ድማ ናትካ ትወስኸሉ። ስለዚ ብፍልጠትን ዓቕሚን ካብ ወለድኻ ዝሓሸኻን ዝማዕበልካን ምኻን ከም ባህርያዊ ሕጊ ክውሰድ ዝከኣል እዩ። ካብቲ ወለዱ ዘቐሰምዎ ፍልጠትን ናይ ምግባር ዓቕምን ንላዕሊ ክኸይድ ዘይክኣለ ውሉድ እምበኣር ኪሲ ኣይኮነን። ጉዕዞ ሕብረተሰብ እውን ከምኡ’ዩ። ሓድሽ ወለዶ ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ወለዶ ናይ ግድን ዝሓሸን ዝማዕበለን ክኸውን ኣለዎ። እንተዘይኮይኑ፡ ምዕባለ የለን። ስለዚ ድማ’ዩ ብመገዲ ትምህርቲ፡ ምሰግጋር ሞያን ተመኩሮን ታሪኽን ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኸውን።

### ብሉጽ ህያብ ወለዶታት

ትምህርቲ ንሓደ ሰብ፡ ዓለምና ዝበጽሓቶ ምዕባለ እናላለየ፡ ዘይጸዓረሉ ወሀሉል ፍልጠት ደቂሱብ ብቐለሉ ዘሰጋግረሉ ኣገባብ ስለዝኾነ፡ ዓቢ ህያብ ናይ ቀዳሞት ወለዶ ንሓደስቲ ወለዶ እዩ። ብርግጽ ድማ ወዲ-ሰብ ኣብዚ ሕጂ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ምዕባለ ክበጽሕ ዝበቕዐ፡ እቶም ኣብ ነዊሕ ዘመናት ካብ ኣእምሮ ዝተፈላለዩ ወለዶታት ዝፈልፈሉ’ሞ፡ ካብ ውሉድ ናብ ወለዶ እናተሰጋገሩ ዝመጽኡ ሰፍልጠታዊ፡ ማሕበራውን ፍልስፍናዊን ሓሳባት እዮም። እቲ ጸቡቕ ነገር ከኣ፡ ኩሉ ሰብ ብዘይኣፈላላይ ጾታን ማሕበራዊ ቦታን ኣብ ሓጺር ግዜ፡ ብዙሕ ፍልጠት ናይ ምድላብን ምምላኽን ዓቕሚ ዘለዎ ምኻኑ እዩ። ሰባት ዓለም ካብ እትፍጠር ጀሚሮም ንኣሽሓት ዓመታት ተመራሚሮም ዝበጽሑዎን ዘዋህለሉዎን ፍልጠት፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ናብ ሓደ ቆልዓ ወይ መንእሰይ ናይ ምስግጋሩ ተኣምራታዊ ተኽእሎ ኣሎ።

እዚ ተኣምራት’ዚ ክዉን ዝኸውን ብቐንዱ ትምህርቲ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ናይ ሓደ ወለዶ ህያብ ንተካኢ ወለዶ፡ ምስግጋር ፍልጠትን ክእለትን ክኸውን እቲ ዝዓበየ ወፍሪ ድማ ኣብ ትምህርቲ ክቐንዕ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። እቲ ዝበለጸ ህያብ ሓደ ወላዲ ንውሉዱ፡ ውርሻ ዝጸንሐ ወለዶ ንተካኢ ወለዶ፡ ቅድሚ ዝኾነ ካልእ ትምህርቲ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ሕብረተሰብ ንደቁ ናይ ምምሃርን ብፍልጠትን ሞያን ናይ ምኽሳኽስን ሓላፍነት ርእሲ ኩሎም ዕማማቱ ክኸውን ይግባእ። ሓደ ወለዶ ነቲ ተካኢ ወለዶ ነቲ ዓቢ ህያብ’ዚ እንተውረሱዎ ግቡኡ ፈጺሙ ማለት’ዩ። ዝቐጸለ ዕማም ሓላፍነት ናይቲ ተረካቢ ወለዶ’ዩ ዝኸውን።

### ምህሮ ንለውጢ

ሓሳብ መርሓ ግብሪ ወዲሰብ እዩ። ዕላማ ትምህርቲ ድማ ብቐንዱ ናይ ምሕሳብ ክእለትካ ምሕያል፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ልዑል ናይ ምግባር ዓቕሚ ምጥራይ እዩ። ኣብዚ ብዕምቈት ክንግዘቦ ዘለና፡ ሓደ መንእሰይ ቋንቋ፡ ሕሳብ፡ ጂኦግራፊ፡ ሰፍልጠት፡ ታሪኽን ካልእን ስለዝተማህረ፡ ኩሉ ነገር ፈሊጡ ወይ ናይ ምሕሳብን ምግባርን ዓቕሚ ወኒኑ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝወሃብ መሰረታዊ ፍልጠት ከም መጠነ ኣዝዩ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ፡ ናይ ጉጅለ ርእሰኻ ዓቕምን ፍልጠትን ከተማዕብል ዝድርኽ እንተዘይኮይኑ ብዙሕ ትርጉም ኣይህልዎን። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ኣብ ክፍሊ እትቐስሞ ትምህርቲ፡ ቅድመኻ ዝነበሩ ሰባት ተመራሚሮም ዝበጽሕዎ ፍልጠትን ወህሉል ተመኩሮን እዩ። ሰባት ተመራሚሮም ዝበጽሑዎ ርኽበት ወይ ፍልጠት ምጽናዕ ወይ ምሽምዳድ ከኣ ዓቢ ነገር ኣይኮነን። በዚ መንጽር’ዚ ክርአ እንከሎ፡ ዝተዋህበካ ትምህርቲ ብተገዳስነት ተኸታቲልካን ኣጸኒዕካን ዲግሪ ምስቃል መንፍዓት እኳ እንተኾነ፡ ዘይቲ ግን ኣይኮነን። ዲግሪ ምስቃል ትርጉም ዝህልዎ፡ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ዓቕሚ ከጥሪን ፈላጥ ክኸውንን፡ ዝያዳ ክሓስብን ክመራመርን ጸዓት ዘሰንቖ ምስ ዝኸውን’ዩ።

ብዙሕ ግዜ “ኣፍሪቃ ምሁራታ ዝኸደዕዋ ኣህጉር” ተባሂላ ትግለጽ እያ። ምሁራት ኣፍሪቃውያን፡ ብዛዕባ ጉዳይ መሬቶምን ህዝቦምን ዘቐድዱዎ ምርምራትን ዝጨበጡዎ ርኽበታትን ዳርጋ የለን፤ እንተሎ ኣዝዩ ውሑድ እዩ፤ ጉዳይ መሬቶምን ህዝቦምን ንምምዕባል ዘበርክቱዎ ጻዕሪ ብዙሕ ኣይኮነን፤ እቲ ግቡእ ናይ ምህሮ ተራ ብምጽዋት፡ ንዝምሃርዎ ህዝብን ሃገርን ኣብ ክንዲ ምኽሓሱ፡ ናብ ጸቢብ ውልቃዊ ጥቕሚታት ከቋምቱ፡ ኣብ ክንዲ ዓዶምን ህዝቦምን ምልዋጥን ምምዕባልን፡ ብዘይረብሕ ክፍሊት ንዓዲ ጓና ከገልግሉ እዮም ዝርአዩ እናተባህሉ ይንቀፉ እዮም። እዚ ተመኩሮ’ዚ መንእሰያት ኤርትራ ክንምሃረሉ ዝግባእ ኣሉታዊ ተመኩሮ እዩ።

ምሁራን መንእሰያት ጉዳይ ኑብስና ክንፈልጥን ክንለውጥን እንተኾንና ብዕምቈት ክንግንዘቦ ዘለና ሓደ ሓቂ ኣሎ። ቅድም ቀዳድም እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ እተማሃርናዮ ብናይ ባዕዲ ቋንቋታት እተጻሕፈ ፍልጠት ናትና ከምዝይኮነ ክንርድእ የድሊ። ናይቶም ጸሓፍቱ ናይ ጉዳይ ርእሶም ተመኩሮን ውጽኢት ምርምራቶምን እዩ። ንሕና’ኸ ብዛዕባ ኑብስና ክንመራመር እንታይ ዝኸልክለና ነገር ክህሉ ይኽእል፤ ናታቶም ከሸንቡበ እንከለና፡ ናብ ጉዳይ ኑብስና ተመሊስና ክንሓስበን ብዛዕባ ኑብስና ክንመራመርን እንተዘይደረኽና ኑቲ ንሶቶም ዝበሉዎ ምፍላጥና ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት ግድል ነይሩ ብኸምዚ ተፈቲሑ ዝበል ምህሮ፡ ናብ ኑብስና መሊሱ ዘየመራምረና እንተኾይኑ፡ ፍልጠት ኣይኮነን። ንሕና’ኸ ኣብዚ መዳይ’ዚ ዘለና ተመኩሮን ፍልጠትን እንታይ’ዩ? እንታይ ሕጽረታት ኣለና? እንታይ ሓይልን ቁምነገርን ኣለና? ተመኩሮና፡ ታሪኽና፡ ባህልናን ኣተሓሳስባናን እንታይ’ዩ? መትኣብርና፡ ባህርያዊን ሰብኣዊን ብድሆታትና፡ መሬትናን ጸጋታቱን ከመይ ይመስል፤ ካብኡ ተበጊስና እንታይ ሓድሽ ፍልጠት ክንደህስስን እንታይ ለውጢን ምዕባለን ክነረጋግጽን ንኽእል፤ ብትኩር ሕቶታትን ኾፈታታትን ክንመራመር እንተኽኢልና፡ እቲ ዝተማሃርናዮ ናይ ብሓቂ ፍልጠት እዩ። ምህርና ናብ መገዲ ዕብየት ዝመርሕ ጥዋፍ ወይ ሸግ ይኸውን።

ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን፡ ኣብዛ ዓለም ኣኽሊሉ ዝተርፍ ፍልጠት፡ ሓበሬታን ቴክኖሎጂን ኣሎ። የግዳስ ፍልጠት ብምቕዳሕን ብምድጋምን ጥራይ እንተተቐሲሙ ግብራዊ ኣገልግሎቱ ከንቱ’ዩ። ኑቲ ሓቀኛ ፍልጠት ኣብ ምስራጽን ምርዳእን’ውን ዓቢ ዕንቅፋት’ዩ። ዘቐዳሕ ናይ ካልኦት ፍልጠት እንከሎ እንታይ ዘመራምር ኣሎና ምባል ሰንፍና እዩ። እቲ ናብ ምዕባለ ዘሰጋግር ፍልጠት ናይ ጉዳይ ኑብስና ፍልጠት እዩ።

ባዕልና ዘወዓልናዮ ታሪኽ ዚያዳ ኩሉ ባዕልና ንፈልጦ። ንሕና እንነብረሉ ህይወት ዚያዳ ካልእ ንሕና ኣስተማቕሮ። መሬትና እንታይ ጸጋታት ኣለዋ፤ ሓመድናን ኣየርናን እንታይ ይቕበል እንታይ ይፍኖ፤ ዚያዳ ካልኦት ባዕልና ክንፈልጦ’ዩ ዘለና። ፍልጠትና ኣብቲ ምሳና ዘሎ ህይወትን መሬትን ኣከባቢን ምርኩስ ገይሩ ምስ ዝሰስን፡ ኣብዛ ዓለም ብኸመይ ንዋሳእ፡ ኣብ ምንታይ’ዩ ሓይልና፡ እንታይ የርብሓና፡ እንታይ’ዩ ብድሆና፤ ብኸመይ ይፍታሕ ብንጹር ክንፈልጥ ይሕግዘና’ዩ።

ኤርትራውያን መንእሰያት ነዚ ንምግባር ብቑዳምነት ብዛዕባ ጉዳይ ኑብስና ዘሎና ፍልጠት ገና ድሩት ምዃኑ ክንኣምን ይግባእ። ግና’ኸ ሃብታም ባህሊ፡ ታሪኽን ተመኩሮን ዘፍረዮ መጠነ ዝኸውን ስረት ኣለና። ካብ ፍጹም ድንቁርና ንበገስ ዘለና ኣይኮናን። ኣብ ታሪኽና ዝፈረየ ፍልጠት፡ ዘለና ሰሩዓትን ቅርሲታትን እኹል መጠነ’ዩ። ጸቡቕ ዕድል ኮይኑ ከኣ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ይኹን ድሕሪ ናጽነት ዝሓለፍናዮ ዓመታት ታሪኽናን ባህላዊ ውርሻታትናን ብመጠኑ ክንፈልጥ፡ ብዛዕባ ኑብስና ክንመራመር፡ ኑብስና ዕላማ ናይ ምርምርን ፍልጠትን ክንገብራ ዘኽእለና ባይታ ጸሪጉ እዩ። ኣብዚ ባይታ’ዚ ረጊጽና እምበኣር ዚያዳ ተመራመርቲ ክንኸውን ይግባእ።

### ምህሮ ብዘይ ደረት

ወዲ ምርምርን ቀጻሊ ምምሃርን ካብ ዘቓቕሕ ረቛሒታት እቲ ዝዓበየ ባህሊ ንባብ እዩ። ምህሮ ንመላእ ሕብረተሰብ ኣብ ሓጺር ግዜ ካብ መቐሕ ድሕረትን ድንቁርናን ኣላቒቑ ማዕረ እቶም ቀዳሞት ክውንጨፉ ዘኽእሎም ጸዓት ክኸውን፡ ብሰፊሕ ባህሊ ንባብ ክሰ የድሊ። ምኽንያቱ ትምህርቲ፡ ቀጥታዊ ምትሕልላፍ ሓበሬታ ካብ መምህር ናብ ተማሃራይ ክኸውን እንከሎ፡ ንባብ ግን፡ ባዕላዊ ተበግሶን ዳህሳስን ብምዃኑ፡ ንሰብ ከምዝፈልጥ ጥራይ ዘይኮነ፡ ከምዝመራመርን ናቱ ሓሳባት ከምዝመንጩን ናይ ምግባር ተኣምራታዊ ሓይሊ ኣለዎ። ባህሊ ንባብ ኣብ ውልቀ ህይወት መኽሰቡ፡ ድሰባ ፍልጠትን ሓበሬታን ጥራይ ኮይኑ ኣብ ሕብረተሰብ ከኣ ምንጪ ፍቕርን ርግኣትን ቀንዲ ደራኺ ምዕባለን እዩ።

ምዕባለ መሰረቱ ስልጡን ባህሊ እዩ። ባህሊ ንባብ ድማ ሓደ ካብ መርኣያታት ስልጣነ ሕብረተሰብ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ብኩለንተናኡ ብቑዕን ምዕቡልን ሕብረተሰብ ንምፍጣር ካብ ዝጥለቡ መሰረታውያን ረቛሒታት ሓደ፡ ምህናጽ ባህሊ ንባብ እዩ። ስለዚ መንእሰያት ንባብ ባህልና ክንገብሮ የድሊ። ኣብያተ ትምህርቲ ንውሱን ኣዋርሕ ዝዕጸወሉ ግዜ ተማሃራይን መምህርን ዘዕረፉሉ ግዜ ገይርና ክንርድኦ ኣይግባእን። እኳ ድኣ፡ ፍልጠትና ንምስፋሕ፡ ንንባብ ዝኸውን ዕድል እንረኽበሉ ጸቡቕ ኢጋጥሚ ገይርና ክንጥቀመሉ’ዩ ዝግባእ። ብሓደ ዓውደ ፍልጠት ስለዝተመረቕና፡ ትምህርቲ ከምዝወዳእና ገይርና ክንሓስብ ኣይግባእን። ጽንብል መመረቕታ፡ መእተዊ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ፡ ማለት ናብ ግብራዊ ስራሕን ኣፍራይነትን ምርምርን ጥራይ እዩ። እቲ ናይ ብሓቂ ፍልጠት፡ ብግብራዊ ስራሕን ምርምርን እምበር ብክልሰሓሳባዊ ትምህርቲ ጥራይ ስለዘይብጻሕ። ወለዲን ኩሎም ትካላት ሕብረተሰብን እምበኣር፡ እዚ ስልጡን ባህሊ’ዚ ንምኽሳኹሱ ኣውራ ድማ ኣብ ቆልዑን መንእሰያትን ባህሊ ንባብ ንምስራጽ ክተግሁ የድሊ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጸብጻብ ጸወታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:45 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መዋጉብ ታሪኽና ንኡስ ግን ልዕለ-ተኣምር 4ይ |
| 14:20 | ፊልም ኣልባና |
| 15:50 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 16:20 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | ዶክመንታሪ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ጸባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ጸጋታት ባሕሪ

## መሰላትን ግቡኣትን ሃገራት ኣብ ዝተፈላለዩ ግዝኣታዊ ማያት

ተኽለ መንግስቱ

ከም ዝፍለጥ ኣብ ቀዳማይ ክፋል፡ ብዛዕባ ኣመዓባብላ ሕጊ ባሕሪ፡ ብመሰረት ድንጋገ ሕጊ ባሕሪ ሃገራት ዝተፈላለዩ ልኡላዊ ማያዊ ክፋላት ከም ዝውንኑ፣ ኣብዞም ማያዊ ክፋላት ዘለወን ዝተፈላለየ ስልጣኑ መሰል፡ ግቡኣትን ሓላፍነትን ብሽፈል ጠቕሽና ምንባርና ይፍለጥ። ኣብ'ዚ ካልኣይ ክፋል ከኣ እዞም ዝተፈላለዩ ግዝኣታዊ ማያዊ ክፋላት፡ ወነንቲ ሃገራት ኣብዞም ዝተፈላለዩ ማያዊ ክፋላት ዘለወን ልኡላዊ ስልጣን፣ መሰልን ግዴታን ከምኡ'ውን ሕጊ ባሕሪ ንኻልኦት ሃገራት ዝሀቦን ናይ ጉዕዞ ባሕሪ ናጽነትን ካልኦት ምስ'ዚ ዝተኣሳሰሩ ጉዳያትን ብዝርዝር ክቐርቡ እዮም።

### ውሽጣዊ ልኡላዊ ማያዊ ክፋል (Internal waters)

ኩሎም ማያዊ ኣካላት ካብ መጠኒ ማስመር መለክዒ ዝርገሐ ግዝኣታዊ ማያዊ ኣካል (Baseline) ንኣንፈት ንቑጽ መሬት ናይ'ታ ወናኒት ሃገር ዝርከቡ ማያዊ ኣካል ውሽጣዊ ማያዊ ኣካል ተባሂሎም ይጽውዑ። ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ ወናኒት ሃገር ናይ ክሊ-ኣየር፡ ማያዊ ባይታውን ትሕተ-ባይታውን ሕጋዊ ልኡላውነትን ደረት ኣልቦ ስልጣንን ኣለዋ። ዘይከም ናይ'ቲ ልኡላዊ ግዝኣታዊ ማያዊ ክፋል (Territorial water)፡ ንመራኽብ ናይ ካልኦት ሃገራት ዝሀቦ ደናት ዘይተጻብኦ ናይ ምሕላፍ ፍቓድ፡ ኣብ'ዚ ውሽጣዊ ልኡላዊ ግዝኣታዊ ማያዊ ኣካል፡ ዝኾነ ይኹን ናይ ምሕላፍ ፍቓድ ኣይፍቀድን።

ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣት (Territorial Sea)

ብመሰረት ኣብ 1982 ብዛዕባ ሕጊ ባሕሪ ኣመልኪቱ ዝተቓወ ዋዕላ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘሕለፎ ድንጋገ፡ ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣት (Territorial Sea) ዝበሃል ክፋል ማያዊ ኣካል፡ ካብ መጠኒ ማስመር (baseline) ናይ'ታ ወናኒት ሃገር 12 ናውቲካል ማይል ናብ ኣንፈት ውሽጢ ባሕሪ ይዝርጋሕ። ኣብ'ዚ ማያዊ ክፋል፡ እታ ወናኒት ሃገር ናይ ክሊ-ኣየር፡ ማይ፡ ባይታውን ትሕተ-ባይታውን ጸጋታት ሕጋዊ ልኡላውነትን ደረት ኣልቦ ስልጣንን ኣለዋ።

ብኣንጻሩ'ዚ፡ ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ ብቕዱስ ፍቓድ ናይ'ታ ልኡላዊት ሃገር፡ መራኽብ ናይ ካልኦት ሃገራት ብሰላማዊ/ዘይተጻብኦ ኣገባብ (Innocent Passage) በዚ ልኡላዊ ማያዊ ክፋል ክሓልፋ የፍቀድ። ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ ዘይተጻብኦ ምሕላፍ ክበሃል እንከሎ፡ ዝኾነ ንልኡላውነት፡ ሰላምን ጸጥታን ናይ'ታ ልኡላዊት ሃገር ብኣሉታ ዘይጸሉ ምሕላፍ ማለት'ዩ። ሓንቲ ሃገር እዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ንጥፈታት ምስ እተካይድ፡ ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ ንእተዋህበ ዘይተጻብኦ ናይ ምሕላፍ ናጽነት ምጥሓስ ማለት'ዩ።

1) ኣብ ልኡላውነት፡ ጸጥታ፡ ድሕነትን ፖለቲካዊ ናጽነትን ናይ'ታ ልኡላዊት ሃገር ናይ ተጻብኦ ወይ ሓይሊ ናይ ምጥቃም ሃቐነ ምስ እተካይድ፡ ከምኡ'ውን ንመትከላትን ቻርተራትን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምስ እትጥሕስ፡

2) ዝኾነ ናይ ኣጸዋር ምንቅስቓስ ወይ ንጥፈታት ምስ እተካይድ፡፡

3) ዝኾነ ንጸጥታን ምክልኻልን ናይ'ታ ልኡላዊት ሃገር ብኣሉታ ዝጸሉ ሓበሬታ ንምእካብ ምስ እትህቅን፡

4) ንልኡላውነትን ሃገራዊ ጸጥታን ናይ'ታ ልኡላዊት ሃገር ዝጸሉ ፕሮፖጋንዳ ንምዝሓሕ ምስ እትህቅን፡

5) ዝኾነ ናይ ነፈርቲ በረራ/ምንቅስቓስ፡ ከምኡ'ውን ወተሃደራዊ መሳርሒ ምጽዓን ወይ ምርጋፍ ምስ እትህቅን፡

6) ንሕጋጋትን ናይ ምቁጽጻር ኣገባባትን ናይ'ታ ልኡላዊት ሃገር ብምጥሓስ፡ ንብረት ምጽዓን ወይ ምርጋፍ፡ ምንቅስቓስ ባጤራ፡ ደቂ-ሰብ ከምኡ'ውን ምስ ሕጋጋት ግብሪ ዝተሓላለፈ ጥሕሰት ምስ እትፍጽም፡፡

7) ብኣንጻር ድንጋገ/ውዕል ሕጊ ባሕሪ ብደይ-መደይ ሃቐነ ኣሰካፊ ብከላዊ ንጥፈታት ምስ እተካይድ፡፡

8) ዳህሳስ ወይ ምርምራዊ ንጥፈታት ምስ እተካይድ፡፡

9) ኣብ ስርዓት መራኽቢታትን መሳለጥያታትን ናይ'ታ ልኡላዊት ሃገር ንምትእትታው ምስ እትህቅን፡ ከምኡ'ውን ዝኾነ ምስ ምሕላፍ ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘይብሎም ንጥፈታት ምስ እተካይድ፡፡

### ጉራዊ/መዳውብቲ ማያዊ ግዝኣት (Contiguous Zone)

ጉራዊ ግዝኣታዊ ማያዊ ክፋል፡ ሓደ ቅናታዊ ማያዊ ኣካል ኮይኑ፡ ካብ መሬታዊ መጠኒ ማስመር ን24 ናውቲካል ማይል፡ ካብ ጫፋት ናይ'ቲ ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣት ናይ'ታ ልኡላዊት ሃገር ከኣ ን12 ናውቲካል ማይል ይዝርጋሕ። እዚ ማያዊ ክፋል ባሕሪ ኣብ'ቲ ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣት ናይ'ታ ወናኒት ሃገር ንዝፍጸሙ ጥሕሰት ሕጋጋት፡ ናይ ምቁጽጻር ኣገባባት፡ ምሰዋር ገበናትን ገበኛታትን ንምውጋድን ዓቕሚ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ናይ'ታ ወናኒት ሃገር ንምሕያል ኣገዳሲ ኣገዳሲ እዩ።

ዘይከም ናይ'ቲ ልኡላዊ ግዝኣታዊ ማያዊ ክፋል (Territorial Sea) ኣብ መንጎ ክልተ መዳውብቲ ዝኾና ሃገራት ምድርራብት ናይ ይግበኣኒ ምስ ዘጋጥም ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ ፍሉጥ ዝኾኑ መለክዒ ዝሓለወ መፍትሒ ኣገባብ የብሉን። እታ ወናኒት ባሕሪ ዝኾነት ሃገር ናይ ማያዊ ክፋሉ፣ ባይታውን ትሕተ-ባይታውን ጸጋታት ባሕሪ ልኡላዊ ስልጣን ክህልዋ እንከሎ፡ ኣብ ክሊ-ኣየሩ ግን ልኡላውነታ ቁሩብ ዝተደረተ እዩ። ኣብ'ዚ ማያዊ ክፋል ባሕሪ ናይ ዝፍጸሙ ጥሕሰታት ግምገማ፡ ምንቅስቓስ ደቂ-ሰብ፡ ባጤራን ጉዳያት ግብርን ቀረጽን ምክትታልን ምቍጽጻርን ግን ምሉእ መሰል ኣለዋ።


### ምምስሳል ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣትን ጉራዊ ማያዊ ኣካልን

እዞም ክልተ ዝተፈላለዩ ክፋላት ማያዊ ኣካላት ኣብ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኦም ሓደ ኣብ ርእሲ'ቲ ሓደ ዝደራረቡ ወይ ዝተዋሰቡ እዮም። ከምኡ'ውን ዝርግሐ ናይ ነፍሲ ወከፎም 12 ናውቲካል ማይል ክኾውን እንከሎ፡ ወነንቲ ናይ'ቲ ባሕሪ ዝኾና ሃገራት፡ ማያዊ ግዝኣተን ንምቁጽጻር ኣብ ዝዓለ ንጥፈታት ልኡላዊ መሰል ኣለወን።

### ፍልልያት ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣትን ጉራዊ ማያዊ ኣካልን

ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣት ክንብል እንከለና ማያዊ ክፋል ናይ ሓንቲ ሃገር ኮይኑ፡ ካብ መሬታዊ መጠኒ ማስመር መለክዒ ዝርገሐ ማያዊ ኣካል 12 ናውቲካል ማይል ዝዝርጋሕ ክኸውን እንከሎ፡ ጉራዊ ክፋል ማያዊ ኣካል ግን ካብ መሬታዊ መጠኒ ማስመር መለክዒ ዝርገሐ ማያዊ ግዝኣት (Baseline) ንኣንፈት ውሽጢ ባሕሪ 24 ናውቲካል ማይል፡ ካብ ወሰናስን ጫፋት ናይ ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣታ ግን 12 ናውቲካል ማይል ዝዝርጋሕ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፣ እተን ወነንቲ ባሕሪ ዝኾና ሃገራት ናይ'ቲ ማያዊ ኣካል፣ ባይታውን ትሕተ-ባይታውን ጸጋታትን ክሊ-ኣየርን ናይ'ቲ ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣት ልኡላዊ መሰል ክህልወን እንከሎ፡ ኣብ ጉራዊ ማያዊ ክፋል ግን ዝተደረተ ልኡላውነት ክሊ-ኣየር




ሰማያዊ ሕብሪ ዓለምለኻዊ ማያት


ይህልወን። ብተወሳኺ፣ ልኡላዊ ማያዊ ግዝኣት ናይ ክልተ ሃገራት ዝደራረብ/ዝዋሰብ ምስ ዝኾውን፣ ደባት ናይ'ተን ክልተ ሃገራት ከም ማእከላይ ቦታ ናይ'ቲ መጠኒ ማስመር ንምልካዕ ዝርገሐ ማያዊ ግዝኣት (Baseline) ኮይኑ የገልግል፣ ኣብ ጉራዊ ማያዊ ክፋል ግን ብቐዋዒ ዝሓለወ መፍትሒ ሕጊ ብዘይምህላዉ ሃገራት ናይ ባዕለን መፍትሒ ኣገባብ ክናድያ ይግደዳ።

### ሕዙእ/ፍሉይ ናይ ቁጠባ ዞባ (Exclusive Economic Zone)

እዚ ፍሉይ ናይ ቀጠባ ዞባ ዝኾነ ግዝኣታዊ ማያዊ ኣካል፡ ካብ ጉራዊ ማያዊ ግዝኣት ናይ'ታ ወናኒት ሃገር ቀጺሉ ንኣንፈት ውሽጢ ባሕሪ ዝርከብ ኮይኑ፡ ካብ መሬታዊ መጠኒ ማስመር መለክዒ ዝርገሐ ማያዊ ኣካል ን200 ናውቲካል ማይል ይዝርጋሕ። ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ፡ ኣብ'ዚ ሕዙእ ናይ ቀጠባ ዞባ ዝኾነ ማያዊ ግዝኣት፡ ወናኒት ሃገር ባይታውን ትሕተ-ባይታውን ጸጋታት ባሕሪ ምምዝማዝን ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ምክያድን ከምኡ'ውን ንፋሳውን ማያውን ጸዓት ንምምንጫው ምሉእ መሰል ይህልዋ። ማያዊ ክፋል ናይ'ዚ ማያዊ ኣካል፡ ከም ዓለማዊ ማያት ዝውሰድ ብምዃኑ መራኽብ ናይ ካልኦት




ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ ዝቖሙ ማያዊ ክፋላት ዓለምና





ውሽጣዊ ማያዊ ግዝኣት ዘጠቓልል ዝተፈላለዩ ክፋላት ማያዊ ክፋላት

ሃገራት ናይ ምሕላፍ ናጽነት ይወሃቦ።

### ክፍለ-ዓለማዊ ኣርከን (Continental Shelf)

ክፍለ-ዓለማዊ ኣርከን ሓደ ካብ ልኡላዊ ማያዊ ክፋል ናይ ሓንቲ ሃገር ኮይኑ፣ ካብ ልኡላዊ ደኑቕ መሬት ናይ'ታ ወናኒት ሃገር ናብ ውሽጢ ባሕሪ፡ ዝጠዘሐ እዋን 200 ናውቲካል ማይል ዝዝርጋሕ ክኾውን እንከሎ፣ ሳሕቲ ግን ጂኦግራፍያዊ




ዝተፈላለዩ ማያዊ ክፋላት ማሪታይም

ኣቃውማ ጉምጉም ናይ ገለ ገለ ሃገራት ካብ 200 ናውቲካል ማይል ንላዕሊ ዝዘርጋሕ ምስ ዝኾውን ክሳብ 350 ናውቲካል ማይል ክምጠጥ ይኽእል። ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ ኣብ'ዚ ክፍለ- ዓለማዊ ኣርከን እንበሎ ማያዊ ኣካል፡ እታ ወናኒት ሃገር ባይታውን ትሕተ-ባይታውን ጸጋታት ባሕሪ ከም ዓሳ፡ ዘይቲ፡ ጋዝ ምምዝማዝን ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ምክያድን ከምኡ'ውን ንፋሳውን ማያውን ጸዓት ንምምንጫው ምሉእ መሰል ይህልዋ።

### ፍልልያት ሕዙእ ናይ ቀጠባ ዞባን ክፍለ-ዓለማዊ ኣርከንን

ክፍለ-ዓለማዊ ኣርከን ካብ መሬታዊ ግዝኣት ናይ'ታ ወናኒት ሃገር ዝዝርጋሕ ኮይኑ፡ ዝጠዘሐ እዋን ክሳብ 200 ናውቲካል ማይል ዝዝርጋሕ'ኳ እንተኾነ፡ ባህርያዊ ጂኦግራፍያዊ ኣቃውማ ናይ'ቲ ጉምጉም ባሕሪ ዝተናውሐ ምስ ዝኾውን ግን፡ ክሳብ 350 ናውቲካል ማይል ክዝርጋሕ ይኽእል። ዝርገሐ ናይ'ቲ ሕዙእ ናይ ቀጠባ ዞባ ዝፍለጥ ማያዊ ኣካል ግን፡ ዝርገሐኡ ካብ 200 ናውቲካል ማይል ክዛይድ ኣይክእልን።

ብዘይካ'ዚ፡ ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ ኣብ'ቲ ብክፍለ-ዓለማዊ ኣርከን ዝፍለጥ ማያዊ ኣካል፡ ወናኒት ሃገር ባይታውን ትሕተ-ባይታውን ጸጋታት ባሕሪ ናይ ምምዝማዝን መጽናዕታዊ ንጥፈታት ናይ ምክያድን ማያውን ንፋሳውን ጸዓት ናይ ምምንጫውን ምሉእ መሰል ክህልዋ እንከሎ፡ ብዘይ ፍቓድ ናይ'ታ ወናኒት ሃገር፡ ካልኦት ሃገራት ዝኾነ መሰል ኣይህልወንን። ብኣንጻሩ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ብፍሉይ ናይ ቀጠባ ዞባ ዝጸዋዕ ማያዊ ኣካል፡ ወናኒት ሃገር ባይታዊ፡ ትሕተ-ባይታውን ጽፍሒ-ማያውን ጸጋታት ባሕሪ ናይ ምምዝማዝን ተጠቃምነትን ምሉእ መሰል ክህልዋ እንከሎ፡ ትሕዝዎ ማዩ ግን ከም ኣካል ናይ'ቲ ዓለማዊ ማያት ዝቆጻጸር ብምዃኑ መራኽብ ናይ ካልኦት ሃገራት ደናት ናይ ምሕላፍ ናጽነት ይወሃቦ።

### ዓለምለኻዊ ማያት (International waters)

እዚ ማያዊ ኣካል ድሕሪ'ቲ ሕዙእ ናይ ቀጠባ ዞባ ወይ ካብ ግዝኣታዊ ማያት ናይ'ተን ወነንቲ ሃገራት ወጻኢ ዝርከብ ክፋል'ዩ። እዚ ማያዊ ክፋል ካብ ሕጋዊ ግዝኣታዊ ዋንነት ናይ ዝኾነት ሃገር ወጻኢ ብምዃኑ፡ ከም ውርሻ/ትውፊት ናይ ኩሎም ደቂ-ሰብ ይውሰድ። ኣገባብ ምቁጽጻር ሕጊ ባሕሪ ብቕዱምነት ኣብ ጉዕዞ ባሕሪ፡ ሕቶ ዋንነት ይግበኣኒ ከምኡ'ውን ኣብ ምዝማዝ ባይታውን ትሕተ-ባይታኣውን ማዕድናት ኣተኩሩ ዝሰርሐ ብምዃኑ፡ ምሕደራን ዕቃበን ህይወታዊ ብዙሕነት ናይ'ዚ ማያዊ ኣካል ዓቢ ብድሆ ኮይኑ'ሎ። እዚ ናይ ምሕደራ ክፍተት ከኣ ንሓያላን ሃገራትን ዓበይቲ ኢንዱስትሪያዊ ትካላትን ዓለምና፡ ጸጋታት ናይ'ዚ ማያዊ ኣካል ብዘይ ተሓታትነት ንኽምዝምዛ ዓቢ ዕድል ፈጢሩለን ይርከብ።

**ብምትሕብባር ሚ/ሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝዳለወ ዓምዲ**

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

# መበቊል ሰማእቲ

ኣልጌን ስም ሰብ ጥራይ ኰይኑ'ዩ ዝስመዓኒ ነይሩ - ቀደም ንእሽቶ ከለኹ። ሕልፍ ኢሉ ድማ፡ ደርፊ። "ኣልጌን ሰጣሕ ጉልጎል፡" ናይ ወዲ ትኹል ብቐጻሊ ስለ ዝሰምዓ። ሓቂ ዘረባ ኣልጌን ጎቦ ድዩ ሩባ፡ ጉልጎል ድዩ ታባ - እንዶ ኣይነበረንን። ግን ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ምስ ኣልጌን ምስ ስፍሓቱን ታሪኹን ብኣካል ተራኺበ።

ዝጾረትና መኪና ኣብ ሓደ ሩባ ደው ምስ በለት ኣበይ ከም ዘለኹ ኣይፈለጥኩን። ምሸት ስለ ዝኣተና ምስ ከባብየይ ክወሃሃድ ከበደኒ። ብራቕ ንግሆ እተበሰር ጸሓይ ደበኽ ምስ በለት ግን፡ ንኽልተ ጎቦ ጨዲዱ ዝሓልፍ ሰፊሕ ሩባ ንብሌን ዓይነይ መልአ። 'እዚ እንታይ ይብሃል፧' ቀዳመይቲ ዝሓተትኩዋ ሕቶ'ያ። ሩባ ኣልጌን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል። ነቲ ሩባ ዝኸበብዎ ጎቦታት ተመልከትኩ። ነዚ ድዩ በኣሉ ግርማ፡ "ዝተረግመ መሬት፡" ኢሉ ዝጸወዮ፧ በልኩ ብውሽጠይ። ሰሜናዊ ምብራቕ




ሳሕል ጸሓይ ትርከበሉ ማእከል እዩ ዝመስል። ሰማይ ክትንክፉ ዝደልዩ ዝመስሉ ዘንቃዕረሩ ጎቦታት ዝኸበብዎ ስፍራ። በብሓደ ክላለዮም ጀመርኩ። ታባ ወኪ፡ ታባ ሰማይ፡ ታባ ወዲ ገብሩ፡ ታባ ሰላም፡ ታባ ውዑይ ቅጫ፡ ሀልመት፡ መግዛእቲ፡ ሃጺይነት፡ ዴስነት፡ ባዶ እኩብ፡ ዓጋመት ወዘተ። ሰብ ኣብዚ ስፍራ ንኽንደይ እዋን ክጸንሕ ይኽእል ኢለ ሓሰብኩ። ህዝባዊ ሰራዊት ካብ 1979 ክሳዕ ምፍራስ ውቃው እዝ 1984 ኣብዚ ቦታ ከም ዝዓረደ ፈለጥኩ። ፍሉጥ ኢትዮጵያዊ ጸሓፊ በኣሉ ግርማ ኣብታ ህይወቱ ዝኸፈለቶ መጽሓፉ 'ኦሮማይ' ኣብ ገጽ 291 ነዚ ቦታ ክገልጾ እንከሎ፡ ". . .ንሰብ ይትረፍ ንህበይ'ውን ኣይምችእን፡" ክብል ገሊጹዎ።

ሕጂ እንክርእዮ ምስ ሓሳቡ እሰማማዕ'የ። ጎቦታት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ብኣርባዕተ መሓውርካ ክትጉዓዞ ዝቐስብ'ዩ። ተጋዳላይ ግን ኣብዚ ጎቦ ዘሊሉ፡ ኣብቲ ሑጻ ጋሊቡ፡ ተቓሊሱ። ምስ ሰብን ሓጺንን። ካብ ሳሕል ነቒሉ ኣብ ኵሉ ሜፋት በጺሑ።

*ጉሬቶ ኣልጌን፡ ወድጋን ቀይሕ*
*መሬት*
*ማዕሚደ ኣዝሃራ፡ ሩባ*
*ቀብርወአት*
*ዒላ ጻዕዳ ጥግሕ ታባታት ናይ*
*ሸግለት*
*ስትራተጂክ ዓረግ፡ ሜዳታት*
*ሓሊበት*
*ኣብ መስርሕ ናይ ቃልሲ*
*ጎቦታት ሳሕል ደጀንና*
*መበገሲ'ዩ ናብ ኵሉ ኩርንዓት*
*ሃገርና*
*ኤርትራዊት የናን ደጀንና*
*መበገሲት'ያ ናብ ኵሉ*
*ኩርንዓት ሃገርና*
**ዘማች**

ሰብ ጎቦ ክንቀሳቐስ ከም ዝኽእል ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል እኹል ምስክር'ዩ። ንዋሕዲ ናብ ብዝሒ፡ ንራእይ ናብ ክዉንነት ዝቐየረ ሓይሊ ክፈልጦ በሃግኩ።

### ራእይ

"ዓወት ንህዝባዊ ሰውራ፡ 1973፡" ኣብ ከውሒ ዝተወቕረ ጽሑፍ ረኣኹ። እዚ ኣብ ቀይሕ መሬት ኣብ ዝርከብ ከውሒ ዝሰፈረ ጽሑፍ ብወዲ ፈንቅል ዝተጻሕፈ ምዃኑ ተነገረና። ንውጽኢት ብብዝሒ ቊጽሪ ኣብ እትልክዕ ዓለም፡ ቊንጣሮ ክንስኻ ንሽሾ ክትሰዕር ምሕላን ምልክት ሓያል ራእይን መትከልን ምዃኑ ተሰቈረኒ። ንዋሕዲ ናብ ብዝሒ ዝቐይር ራእይ። ህዝባዊ ሰውራ ብሕልሚ ዘይኮነ ብመትከል ከም ዝጉዓዝ ዘነጽር ጽሑፍ። ንጸጋታት ዘራብሕ፡ ንዘይመጣጠን ዕምሪት



ዘስተኻኽል ራእይ። ህዝባዊ ሰውራ ኣብ ልቢ ወለዶታት ተተኺሉ ብተተኻኻእቲ ወለዶ ኣብ ሸቶኡ ከም ዘብጽሕ ዘረጋግጽ ራእይ። ባህጊ ምስ ክዉንነት



ኣሳንዩ ልክዕነት ዕላማን መንገዱን ዘረጋግጽ ራእይ።

### ምጽማም

ንዘለዋ ዛሕሊ ንምምስካር ታባ ወኪ ዝተብሃለት ቦታ፡ ካብ መበገሲ ስፍራና ንሓደ ሰዓት ተጓዒዝና በጻሕናያ። ታሪኽ ንምጽዋይ ምሳና ዝተጉዓዘ ኣያና፡ "እቲ ዝረኣየኩም ታባ፡ መግዛእቲ ይብሃል፡ ካብቲ ሩባ ጀሪካን ኣብ ዝባንካ ተሰኪምካ ንሰዓታት ተጓዒዝካ ኣብ ድፋዕካ ክትበጽሕ ኣለካ። ጀሪካን ተሰኪሙ ናብዚ ታባ ዝድይብ ዝነበረ ብጻይ ዓቕሉ ጽብብ ምስ በሎ፡ 'እዚ ቃልሲ ኣይኮነን፡ መግዛእቲ'ዩ' ምስ በለ፡ እዚ ቦታ ታባ መግዛእቲ ተባሂሉ፡" በለና። ሰብ ንምረት



ብርጌደር ጀነራል ሓዲሽ ኤፍሬም ንኣባላት ተወርዋሪ እዚ መግለጺ እናሃበ

መሊኹ ናብ ዓወት ክግስግስ ደረት ዘይብሉ ምጽማም ዕለታዊ ናብራኡ ክገብሮ ኣለዎ። ተቓለስቲ ሓርነት ነቲ ኣብ ዝባኖም ዝጽሕዩ ዝነበረ ኣእላፍ ኣጽዋራት፡ ኣብቲ ምፍጣርካ ዘጽልእ ስፍራ፡ ጎቦ ፍሒቖም መጽለሊ ክሰርሑሉ፡ ሃንቀውታ ህዝቢ ናብ ምዕራፍ ከብጽሑ፡ መትከላዊ ተልእኾ ተሓንጊጦም ንባህሪ መሊኾም፡ ትኣምር ኣንቃዕሪራ እትጥምቶ ምጻማም ወኒኖም። ምጽማም ብልቢ፡ ምጽማም ብግብሪ።

### ተበልሓትነት

ንሰማይ ከርክብ ዝብሃገ ትዕኑን ጎቦ ኣብ ቅድመይ ትኽል በለ። ግርማ መጎሱን ንላዕሊ ናይ ምቕጻል ባህጉን ተዓዚቦም 'ታባ ሰማይ' ክብሉ ስም ኣውጺኦምሉ። ነዚ ዘንቃዕረረ ጎቦ ክሓኩር ምስ ብጻየይ ተበገስኩ። በየንን ከመይን ከይበልና ብግስ በልና። ሩባ ሰጊርና ጫፍ ጎቦ ምስ በጻሕና፡ ጎቦ ተፋሒቑ፡ ኣኻውሕ ተጸሪቡ፡ እኹል ሰብ ብደው ክንቀሳቐስ ዝኽእል መንገዲ ረኺብና። ካናለ ካናለ እናሰገርና፡ ዝተሃደመ ድፋዕ እናኣተና፡ ንዝኽሪ ሰነድ እናወሰድና ጫፍ ናይቲ ጎቦ በጻሕና። ኣብ ማዕዶና፡ ኣብ ሩባ ኣልጌን ዝንቀሳቐሱ ብጾትና ተመልከትና። ነዚ ጎቦ መንገዲ ዝፈጠረ እንታይ'ዩ በልና። ብማዕረ፡ ተበልሓትነት ክንብል መለስና። ብዘለካ ልዕሊ ዓቕምኻ ተመጢጥካ ክዉንነት ክትፈጥር ምኽኣል፡ ንነብስኻን ብጾትካን ወዲብካ ናብ ሸቶኻ ዝወስድ መንገዲ ምፍጣር፡ ህዝባዊ ሰራዊት ዝመለኾ ተበልሓትነት'ዩ። ብኣፍራዛን ቡንታን ኣብ ገለ ድማ፡ ኢድካ ሓዊስካ ዝተዓመመ ዕዮ ታባ ሰማይ ንዓቕሚ ተበልሓትነት ህዝባዊ ሰራዊት ዝምስክር እዩ።

### ተወፋይነት

ካብ ኣልጌን ነቒልና ኣርሃ ሓሊፍና፡ ሩባ ደብዓት ሓዲርና፡ ኣብ ኣግራዕ ድሕሪ ምውዓል፡ ኪልማ ሓሊፍና ናቕፋ ኣቶና። እቲ ጉዕዞ ብእግሪ ብምንባሩ ሰለስተ መዓልቲ ወሲዱልና። ኣብ ጉዕዞና ህዝባዊ ሰራዊት ቅጅል በሉኒ። ጉዕዞና ብጉዕዞኦም ተካእክዎ። 30 ዓመት ኣብ ጉዕዞ በልኩ። ናይ ወዲ ትኹል ደርፊ ኣብ ርእሰይ ተመላለሰት፡ "ሃገር ዘይፈልጥ ናጽነት፡ ምጸብጸቦ

ምስ ዕሽነት፡" ሰብ ንዕላምኡ እንተ ኣሚኑሉ፡ ዓቕሙ መጢጡ ሓደ ሰብ ክገብሮ ዝኸብድ ክፍጽም ይኽእል'ዩ። ብጉዕዞ ኣድናቖተይ ከይወዳእኩ፡ ኣብ ፈርጌሎ (የማናይ ግንባር ናቕፋ) ኣግርሞተይ ዝገዝአ ትዕዝብቲ ጎነፈኒ። ታንኪ ጸላኢ ጎልጎል ጥሒሳ፡ ጎቦ ሓኹራ፡ ኣብ ርእሲ ድፋዕ ህዝባዊ ሰራዊት በጺሓ ርኣኹዋ። እቲ ነዛ ታንኪ ዘቃጸለ ሰብ እንታይ ዓይነት'ዩ በልኩ። ርእሰ ፍትወት ወጊዱ፡ ካብ ብህይወተይ ከለኹ ድፍዐይ ዝፈርስ ምስ ሓጺን ምፍላም ይሓይሸ ብምባል፡ ንታንኪ ገጢሙ ከቃጽል ክኢሉ። ሰብ ንብጻዩን ዕላምኡን ክብል ትንፋሱ ክውፊ ዝኽእል ብጀካ ብዓል መትከል ህዝባዊ ሰራዊት መን ክገብሮ ይኽእል፧

ኣብዚ ናይ ኣስታት ክልተ ወርሒ ጻንሖተይ፡ ሳሕል መበቈል መንነት ዝሓዘ ቤተ-መዘክር ህዝባዊ ሰራዊት ምዃኑ በርሃው ኢሉኒ። ኵሉ ዜጋ ኣብ ዓመት ሓንሳብ ክበጽሖ ዘለዎ ስፍራ ኢለ ደምደምኩ። ዝምልከቶ ኣካል ነዚ ህያው ንምግባር ኵሉ ክሰላሰል ዘለዎ ዕማማት ናይ ምፍጻም ድማ እዋኑ ሕጂ'ዩ።

እዛ ንእሽቶ ጽሑፈይ፡ በዛ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ፡ ኣብ 20 ሰነ 2019 ዝበላ ሓረግ ክዛዝማ፦

"ተወፋይነት ዝሕመረቱ፡ ሰሰዐን ርእሰ-ፍትወትን ወጊድ ዝበለ፡ ዘይሕለልን ተባላሓቲን ጸዓተኛ፡ ዝተወደበ ጸጋ ሰብ። ኬድና-ኬድና ናብ መበቈል መንነትና ክንምለስ ኣሎና ማለት'ዩ። መበቈል መንነትና፡ ሰማእታትና ዘውረሱና ክብሪታትን ባህሊን!"

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ኣለን ዑቕባጼን መበራህቱ፡ ተጸዋዕቲ ወ/ሮ ገኑት ጉብ/ሄር ሰበድንግል 2. ሙሴ ጉብ/ሄር ሰበድንግል 3. ኣቶ ጳውሎስ ጉብ/ሄር ሰበድንግል 4. ኣቶ ኢያሱ ጉብ/ሄር ሰበድንግል 5. ወይኒ ጉብ/ሄር ሰበድንግል 6. ጸጌረዳ ጉብ/ሄር ሰበድንግል 7. ጴጥሮስ ጉብ/ሄር ሰበድንግል፣ ኣበይ ከም ዘለዉ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ጥዑኣት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ንዕ02/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ት/ዕ ጓሲይ ሩታ ሃብተስላሴ ክፍለ ምግል ተረፉ፡ መበርሂት ሃብተስላሴ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምልክታ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ቀሓውታ ፕሎት 19 ፓርሰል A ዚፕ ኮድ 1A713 ጎደና ሰይራ ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብቁ/ንብረት 1BRASM016625/0 ብሽም ወልደጊዮርጊስ ጉብረስላሴ ሃብተሚካኤል ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝዮደግኩዎ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፣ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ተኸሊት እስቲፋኖስ
ወኪል ጺጋ የማነ ሃይለ

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 2 ምም/ 01ጎደና ቁ/ገዛ 90 ቁ/ሎታ 114 ቁ/ምስክር ወረቐት 114948 መወከሲ ቁጽሪ 103294 ብዕለት 04/09/96 ብሽም ወ/ሮ ለተንጉስ መሓሪ ገማሪ ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዘተረጋግጽ ሊብሬቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፍኣና፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07616223 ክሕብረና፣ እንተዘየሎ፡ መተካእታ ክወሃበና ክንሓትት ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ለተንጉስ መሓሪ ገማሪ

## NOTICE

Notice is hereby given to the Public that China Coal No 3 Construction Corporation (Group) LTD is in the process of incorporating as Branch Company in Eritrea.

1. The office of the branch company is in Asmara.
2. The authorized capital of the company is 1,646,601,900 Yean (one thousand six hundred forty six million six hundred one thousand nine hundred Yuan).
3. The company is authorized to perform work of Mining business as per the Eritrean laws and practice.
4. Mr. Qi KUN is the General Manager of the Company, he is authorized to act on behalf of the company.
5. The Company is in the process of registering the branch company for unlimited time or until replaced by another form of a company or continuity of the work is not possible.

China Coal No 3 Construction Corporation (Group) LTD

## Notice

Notice is hereby given to the public that **Sagla Enterprise Private Limited Company** is formed among the following members:

| 1. | **Name** | **Nationality** | **Address** | **Shares** |
|---|---|---|---|---|
| 1 | **Selam Araya Bahlbi** | **Eritrean** | **Kenya** | **50** |
| 2 | **Kokob Kidane Teklemariam** | **Eritrean** | **Eritrea** | **50** |
| | | | | **100** |

**2.** The head office of the company shall be in Asmara, Eritrea. The Company may open branch offices whenever and wherever necessary.

**3.** The company has a share capital of NAKFA 200,000.00 (Two hundred thousand Nakfa) divided into 100 (One hundred) registered shares of par value of NAKFA 2,000 (Two thousand Nakfa) each all subscribed and fully paid up by the member's in cash.

**4.** The company shall engage in:

1. Technological solutions,
2. Guarding, Gardening and Cleaning Services,
3. Fisheries,
4. Drilling Activities,
5. Commission Agents,
6. General Trading,
7. Import and Export,
8. Ice making plant and cold storage,
9. Renewable energy design, material supply and installations,
10. Consulting on renewable energy, and
11. Mobile telephone network and service.

**5. Mrs. Selam Araya Bahlbi** is appointed as a manager for unlimited period of time.

**6.** The company is established for unlimited period of time.

**Sagla Enterprise PLC**



## ምስጋና

ብመስዋእቲ ኣዚና ብልቢ እናፍቅርን እናኽብርን ብዓልቤተይ ኮ/ል ተስፋብርሃን ባህልቢ (ወዲ ቐሺ) ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዘቃበርኩምናን ብኣካል ተመላሊስኩምን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን መቕርብን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ንመስግን።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ፍረወይኒ ጉብረዮሃንስ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

ብሽም ፍትዊ ፈረጅ ደባሱ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 6 ምምሕዳር 08 ፕሎት 5 ፓርሰል ዲ-1 ጎደና 824 ቁ/ገዛ 45 ብኮምሽን ኣቢዩቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 112058 መወከሲ ቁጽሪ 1265020 ዋንነቱ ዘተረጋግጽ መንበሪ ገዛ ስፍሓት መሬት 392.90 ት/ሜ ኣብ ልዕሊኡ 2 ቀንዲ ክፍሊታት፡ 2 ተሓጋገዝቲ ዘለዎ ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝሾኸኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ። ዝቃወም እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ምዃነይ ንሕብር።

ሰምሃር ቅዱስ ተስፋይ

ብሽም መኣዛ ኣስገዶም ሃብተዝጊ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ከባቢ ሰምበል ጎደና 868-122 ዚፕ ኮድ 1A868 ፕሎት 120 ፓርሰል "F" ዝርከብ ስፍሓቱ፡ 500 ት/ሜትር ዓይነት ህንጻ G+1 ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1፤006908 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዘተረጋግጽ ናይዚ ገዛይ ኦርጅናል ምስክር ምዝገባ ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ሰልኪ 07200788 ወይ 161489 ክትሕብሩኒ፤ እንተዘይርከይኑ ግን መተካእታ ዋንነት ሊብሬቶ ካብ ቤ/ጽ ካዳስተር ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

መኣዛ ኣስገዶም ሃብተዝጊ
ወኪል ኣብርሃም ደብሳይ

## ንኻይ ግዜ ዝወጸ ናይ ኮምፕዩተር ጨረታ

ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢ፡ ንኣብ ቤት ጽሕፈቱ ዝርከብ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ኮምፕዩተራት፡ ፕሪንተራት፡ ፕሮጀክተራት፡ ስካነራት ኣብ እዋን ብልሽት ን2 ዓመት ክጽግኑልና ዝኽእሉ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም። ከማልእዎ ዘለዎም ነጥብታት፥

1. ተጫረትቲ ናይ 2025 ዓ/ም ዝተሓደሰ ልቼንሳ፡
2. ተጫረትቲ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፥ ንጽባሒቱ 8:30 ቅ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዘተረኽበሉ ይኽፈት።
3. መጫረቲ ሰነድ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ቁ/ገዛ 71 ክወስዱ ይኽእሉ።
4. ቤት ጽሕፈትና ካልእ ኣማራጺ ምስ ዝረክብ በዚ ጨረታ ኣይግደድን።
5. ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ 07145671 ወይ 07843964 ደውሉ።

ሚ/መ/ማይን ኣከባቢ

## NOTICE

Notice is hereby given that the public that the shareholders of Sun and Moon Candles P.L.Co in their extra ordinary general meeting held at the head office on May 20th, 2026 have resolved that the company be engaged in any manufacturing activities. Also the company has agreed to change its name to Sun and Moon Enterprises P.L.CO.

Sun and Moon Enterprises P.L.CO

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## Vacancy Announcement

Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD. (ESMC), The Construction team, is inviting applicants for the following positions for Embaderho project sites.

Argon arc welder
Number required-(01)
Type of Contact – Definite period 01 Years

Major Duties and responsibilities.

- Responsible for welding related works.
- Good at operating all kinds of welding machines, especially for argon arc welding machine.
- Responsible for the general activities in the mentioned job.
- Responsible for the preparation of argon arc welding procedures.
- Equippe the workshop with the necessary materials to serve on welding metals.
- Access the welding materials to the machines so as to facilitate works.
- Introduce new systems through time to provide efficient output.
- Transfer the technology & techniques of welding to subordinates.
- Overseas the reports of subordinates & evaluate the work done as compare to the proposed plan.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications, or Equivalents - Has certificate as an argon arc welder

Working Experience – Nature & length - Has no less than 10 years of experience welding in large civil engineering projects.

Leadership Experience- Nature & length of time suite, good presentation, and reporting skills - Demonstrate good supervisory and leadership skills.

- Can train and arrange work subordinates properly about the mentioned field.

Other skills and abilities - Ability to work in culturally diverse Working environments.

Plumber and Electrician
Number required-(04)
Type of Contact – Definite period 01 Years
Major Duties and responsibilities.

- Responsible for workplace plumbing and electrical work.
- Assessing the pipeline system of the building or any infrusrastructure in the project.
- Administer the coordinated installation of the electricity line with the fluid pipes to hinder constraints.
- Assist in supplying/purchasing of quality plumbing & electricity materials.
- Organize to install the two systems independently so that problem in one system will not affect the other one.
- Service the renovation of the systems periodically.
- Effect the repair & maintenance of the system responsibly.
- Record events as reference in the future usage.
- Train users on the proper & safe usage of the systems.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications, or Equivalents - Middle level degree or above in the plumbing &/or Electricity.

Working Experience – Nature & length - Required to have rich working experience in water and power systems, be able to independently be responsible for the installation of power systems, and have no less than 5 years working experiences in large-scale projects

Leadership Experience- Nature & length of time suite, good presentation, and reporting skills

- Demonstrate good supervisory and leadership skills.
- Computer literate and acceptable level of proficiency in MS office
- Good communication skills in English.

Other skills and abilities - Ability to work in culturally diverse Working environments.

Bar Installer
Number required-(1)
Type of Contact – Definite period 01 Years

Major Duties and responsibilities.

- Site preparation & Measurement: Asses the venue to measure space and ensure compliance with building codes.
- Millwork & Assembly: Cut, assemble, and install wooden, metal or concrete bar counters according to blueprints.
- Innovate/introduce the implementation of modern & attractive steel works.
- Lead & train the basics of steel structure works for subordinates in the work area.
- Assign representatives in diverse work conditions so as to achieve better performance.
- Record the activities & report it periodically.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications, or Equivalents -Middle school degree orabove in a construction related field.

Working Experience – Nature & length -Has rich experience in steel structure installation and has relevant practice certificates
- Have Riveting work certificate or have a certificate about work high above the ground.

Leadership Experience- Nature & length of time suite, good presentation, and reporting skills - Demonstrate good supervisory and leadership skills.

-Good communication skills in English.

Other skills and abilities -Ability to work in culturally diverse Working environments.

General Information and Other Requirement

* Place of Work: Embaderho Project Sites
* Salary: As per Company salary scale
* Type of Contract: Indefinite

Additional Requirement for Nationals:

* Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
* Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
* Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
* Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
* Application documents will not be returned to sender.
* All application should be sent through the post office.
* Deadline for application; 05 days from the date of publication on the newspapers

Address: Please mail your application to;
Eritrea Sichuan Mineral Construction CORP. LTD (ESMC)
The Construction Team
P.O. Box. 4832 Asmara, Eritrea

Note to None Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Department of Mineral Resources Management,
P.O.Box 272 Asmara,Eritrea
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

Note to None Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment permits Affairs,
P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ራብዓይ ክፋል

> *“ዕዉት ክትከውን ኢኻ ተወሊድካ፡ እዚ ህሞት ናትካ እዩ።” - **ሆርብ ብሩክስ***
>
> *“ክኢላት ሰባት ክሳብ ዘቓቕሕዎም ዝረኽቡ፡ ካብ ድኻሞም ኣይብርብሩን እዮም፡ ሀጉሉታት ግዱ ካብ ዓራቶም ብድድ ኢሎም እዮም ናብ ስራሖም ዝወፍሩ።” - **ስቲፈን ኪንግ***

## ጽፈት ስራሕ



ምድንጓይ (procrastination) ቀንዲ ጸላኢ ጽፈት ስራሕ እዩ። ጸቡቕ ስራሕ ምዕማም ዘኸቕለካ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ፍጹም ዕዮ ንኽተበርክት ሕጊግ ትብል እንተ ደኣ ኴንካ ወይ ዋሕዲ ድርኺት ዘጸየካ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ኣብ ስራሕካ ምድንጓየት ምፍጣሩ ኣይተርፍን እዩ።

ካብ ምድንጓየት ክትገላገል እንተ ደኣ ደሊኻ፡ ቅድም ቀዳድም ህዱእ ኣከባቢ ስራሕ ክትፈጥር ይግባእ። ቦታ ስራሕ ህዱእ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ሰራሕተኛታት ኣደህቦኦም ንኸዕብዩ ኣመና እዩ ዝሕግዞም።

ኣብ እዋን ስራሕ መዘናጋዕ ብዓውታ ዝወላዕ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ኣብ እዋን ስራሕ ናይ ጽሬት ስራሕ ዝሰላሰል እንተ ደኣ ኾይኑ … እዚኦም ንፍርያምነትካ ኣብ ምንካይ ቀሊል ዘይኮነ ተራ ክህልዎም ይኽእል እዩ። መዘናጋዕ ምስኣን ይኹን ዕዮ ጽሬት ምስልሳል እኳ ዝጽልኡ ኣይኮኑን። ኣብይን መዓስን ክንጥቀመሉ ከም ዘለና ኣብ ምፍላጥ ግዱ ኩቶ ሰናፋት ክኽውን ኣይግባእን።

ኣብ እዋን ስራሕ ዕረፍቲ ምውሳድ፡ ኣብ ጽፈት ስራሕ ጸቡቕ ኣበርክቶ ክህልዎ ይኽእል እዩ። የጉዳስ እቲ ዕረፍቲ ምሐር ክኸውን ኣይግባእን። ገለ ሰራሕተኛታት ንሐደት ደቓይቕ ሻሂ ክሰትዩ ዘዕርፉ ኣለዉ። ንሱቶም ካብ እንዳ ሻሂ ምስ ተመልሱ ብዝተሓደሰ መንፈስ ናይ ምስራሕ ብቕዓት ኣለዎም። ከንዲ ዝኾነ ኣብ ስራሖም ብዙሕ ነገር ክሰልጡ ኢኻ እትርእዮም።

ብመንጽሩ ካልኦት ሰባት፡ ንግሆ ናብ ስራሖም ምስ ወፈሩ፡ ቅድሚ ስራሕ ምጅማሮም ቍርሶም ንኽበልዑ ተዛዚዖም ኣብ እንዳ ሻሂ ይምገቡ። ዘዕልሎም ሰብ እንተ ረኺቦም፡ ዝያዳ ግዜ ወሲዶም ዕላሎም ረማዕ ኢሎም ይቕጽሉ።

ንሓጺር ግዜ ናብ ስራሖም ምስ ኣተዉ፡ ናይ ሻሂ ሰዓት ስለ ዝኣኽለ፡ ምስ መሳርሕቶም እንደገና ናብ እንዳ ሻሂ የምርሑ። ሽዑ እውን ዕላል እንተ መቒርዎም፡ ስርሖም ረሲዖም ሌፍ ክብሉ ይወዕሉ። ፍርቂ መዓልቲ ቅድሚ ምእካሉ፥ ቤት ጽሕፈቶም ንምዕጻው ጥራይ ናብ ስርሖም ይምለሱ።

ከም እዚኦም ዓይነት ሰራሕተኛታት ሐቢዞ፡ ስራሕካ ክተጻፍፍ ኩቶ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ከም እዚኦም ዓይነት ሰራሕተኛታት ሐቢዞ፡ እምብዛ ፍርያም ክትከውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ከም እዚኦም ዓይነት ሰራሕተኛታት ሐቢዞ፡ ንምምዋልካ ከተዕጉብ ስለ ዘይትኽእል፡ ካብ ተወዳዳርነት ንሓዋሩ ክትስናበት ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ጉጅለኹም ናይ ምድንጓየት ጸገም እንተ ደኣ ሃልዩ ነቲ ኣብ ስራሕ ዘጋጥም ዘሎ ጸገም ንምእላይ ብትብዓት ንኽትዘራረብሉ ንኣባላትካ ከተተባብዖም ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ጠንቂ ምድንጓይ ብዙሕን ዝተሓላለኸን ስለ ዝኾነ፡ ሓደ ካብ እቲ ጠንቂ ኮነታት ጥዕና ኣእምሮ ናይ ኣባላትካ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ብዕቱብ ክጥመት ዘለዎ እዩ።

ኣብ ስራሕካ ንምድንጓየት ከየወገድካ፡ ብዙሕ ጽፈት ስራሕ ክተሰላስል ክኸብደካ ይኽእል እዩ። ኣብ እዚ ግዜ እዚ፡ ብዙሓት ዓማዊል ዘማርሩሉ ዘለዉ ጉዳይ፡ ብዙሕ ምድንጓየት ኣፍረይቲ ትካላትን ወሃብቲ ኣገልግሎትን እዩ። እዚ ብዘዖጎጽ ክትርዳእ እንተ ኾንካ፡ ንምድንጓየት ብኸመይ መንገዲ ክትኣልዮ ከም ዘለካ ክትሓስብ ግድን እዩ።

ንምምዋልካ ብምድንጓየት ጦቅ ተብሎም እንተ ኼንካ፡ ናብ ካልኦት ትካላት ‘ክሰልሉ’ ወይ ክቕይሩ ይግደዱ እዮም። ደሓር ተጣዒሶካ ናጻካ ክትመልሶም ዋላ ዝኸኣልካ ጻዕሪ እንተ ገበርካ፡ ሓንሳእ ብኣሰራርሓኻ ስለ ዝፈገዱ ዘይክምለሱኻ ይኽእሉ እዮም።

ኣብ እዚ ግዜ ጽፈት ስራሕ ኣብ ገለ ትካላት እምበር መጠን እናተረቓቐቐ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። ከም ወጽኢቱ እተን ትካላት ዝያዳ እናሰፋሕፍሓን እናዓበያን ክመጽኣ ንርእየን ኣለና። ጽፈት ስራሕ ዘዋናውኖ ዓሚል የለን። ከንዲ ዝኾነ ብዙሕ ዓሚል ክዕስለን ክትርኢ እንከለኻ፡ ካልኦት ትካላት ነቲ ናተን ኣሰር ክስዕባ እንተ ዝኽእላ እናበልካ ክትግምት ባህርያዊ እዩ።

ገለ ሰባት ንጽፈት ስራሕ ከም መፋጥርቲ ገይሮም ዝርድእዎ ኣለዉ። ሓቂ እዩ ገለ ሰባት ካብ ግዜ ህጻንነቶም ኣትሒዞም፡ ንጽፈት ልዑል ኣቓልቦ ዝሀብዎ ኣለዉ። ንሶኦቶም ጸፋፋት ከም ዝኾኑ ዝዝበርዎም፡ ብቐንዱ ወለዶም ምኻኖም ዞምትእ ኣይኮኑን።

ንሱቶም ካብ መጀመርታ ትምህርቶም ኣትሒዞም፡ ብጽፈት ንኹሉ መዲያዊ ትምህርቶም ክከታተሉ ኣይእግዞምን እዩ። ብመምህራኖም መማህራኖም ከም እምብዛ ጸፋፋት ተማሃሮ ክለለዩ እንከለዉ ድማ ዝያዳ ጸፋፋት ንምኻን ብዕቱብ ክሰርሑሉ ትርእዮም።

ከም እዚኦም ዓይነት ተማሃሮ፡ ትምህርቶም ብዓወት ዛዚሞም ናብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈሩ እውን ንጽፈቶም ኣይገድፍዎን እዮም። ብመንጽሩ እኳ ደኣ ኣብ ዘመነ ትምህርቶም ዝጠረዩዎ ጽፈት ኣብ ስርሖም ብዝዓመቐ እዮም ዘዕዝዝዎ። ከንዲ ዝኾነ ብሓለፍቶምን መሳርሕቶምን ቀልጢፎም እወታዊ ኣቓልቦ ይረኽቡ።

ካልኦት ተማሃሮ ኣብ መጀመርታዊ ትምህርቶም ብዙሕ ወጻኢታይ ኣካይዳ ክተርእዩ'ሎም ትጸንሕ እሞ፡ ቀስ ብቐስ ናብ ጽፈት ገጾም ክምዕብሉ ትርእዮም። ናብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈሩ ኸኣ፡ ልዕሊ ትጽቢት ብዙሓት ዝፈልጥዎም ሰባት፡ ኣድማዕቲ ኩይናም ይርከቡ። ከም እዚ ዓይነት እወታዊ ለውጢ ኣብ ዝኾነ ሰብ ክርአ እንከሎ፡ ንኹሉ ኣርባሒ እዩ።

ንጹር ዕላማ ዘለዎ ሰብ፡ ወዓሉ ሓደሩ ኣብ እቲ ዝምጽኦ ደረጃ ከይበጽሐ ኩቶ ኣይዕዘን እዩ። ናብ እቲ ዝምጽኦ ደረጃ ንምብጻሕ፡ ወጠልዘል ዝበለ ኣካይዳ ከም ዘየዋጽእ ድማ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ።

ብተደጋጋሚ ከም ዝገለጽ፡ ናይ ገለ ሰራሕተኛታት ጸገም ዘኸውን ዘሎ፡ ‘ንግበሮ እሞ ኣይጽሩብቅ’ ዝዓይነቱ ኣካይዳ ስለ ዝኽተሉ ዘለዉ እዮም። እቲ ስርሖ ዘኽብር ሰብ፡ ኣኽብሮት ናይ ዝኸሉ ኣካል ክረክብ ትጽቢት ክዝበር የብሉን።

## ሚዛን ህይወት

ብዙሓት ሰባት ‘ሚዛን’ ህይወቶም ክሕልዉ ክብሉ ጥራይ፡ ካብ ብዙሕ ባህግታቶም ዝዘርፉ ኣለዉ። ሚዛን ህይወት ምሕላው ዝጸላእ እኳ እንተ ዘይኮኑ፡ ኩሉ ግዜ ኒታ ‘ሚዛን’ ክትጥምት ክትብል ካብ መወዳድርትኻ ምትራፍ፡ ኣብ ህይወትካ ኩነ ኣብ ስራሕካ ዘዋጽእ ተግባር ኣይኮነን።

ኣብ ሓደ መዳይ ህይወትካ ጸቡቕ ክትሰርሖም እንተለኻ ኑቲ ዕድል ዓይንኻ ከይሓለፍካ ብጥበብ ኢኻ ክትጥቀመሉ ዘለኻ። ሚዛን ክትሕሉ ክትብል ቀጻሊ ግልጽ ምልጽ ክትብል እንተለኻ ኑቲ ረኺብካዮ ዘለኻ ወርቃዊ ዕድል ንሓዋሩ ክትከስሮ ትኽእል ኢኻ።

ሰባት ብዙሓ ምልኣት ክሓስቡን ክሰርሑን እንተለዉ፡ ወያ ሚዛን ህይወት እውን ባዕላ እናተመዓራረየት እያ እትመጽእ። ሎሚ ኣብርቲዑ ብምስራሑ ድቃስ ዝውሓዶ ሰብ፡ ኣብ ቀጻሊ ግዜ ዝበዝሐ ሰዓታት ናይ ምድቃስ ዕድል ዘጋጥሞ ንዕኡ እዩ።

ወዮ ሚዛን ስራሕን ድቃስን ከማዓራረ እምበር መጠን ዝጭንቕ ሰብ፡ ጸገሕ ዝያዳ ሰዓታት ድቃስ ክእወድ ይኽእል እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ጸገሕ ካብ ቀጸጸርና ወጻኢ ክትከውን ትኽእል እያ። እዚ ዝተገዝዘበ ሰብ ዝያዳ ኒታ ኣብ ኢዱ ዘላ ሎሚ እዩ ክረብሓላ ዝከኣሎ ዝጽዕር።

ዕዉታት ሰባት ንዘበዘሐ ካብ ጠለባቶም ናይ ምርካብ ወፊን ብቑዓትን ኣለዎም። ብመንጽሩ እቶም ዘይዕዉታት ሰባት፡ ብህሉው ኩነታቶም ብመጻኢኦም ኣብ ጭንቀት ተሸሚሞም እዮም ህይወቶም ክመርሑ ዝረኣዩ።

ንሓደ ሸቶኻ ምስ ጨበጥካዮ፡ ብኡኡ ንብኡ ካልእ ሓዳሽ ዒላማ ንምውቃዕ ክትብርብር ይግባእ። ዕዉታት ሰባት ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ነገር ከማልኡ ከም ዘኽእሉ ልዑል እምነት ኣለዎም። የጉዳስ እቶም ዘይዕዉታት ሰባት፡ ሓደ ነገር ከይዛዘሙ ናብ ካልእ ስራሕ ክሰግሩ ትብዓት የብሎምን።

ካብ እዚእ ወይ እቲእ (either/ or) ዓይነት ኣተሓሳስባን ኣሰራርሓን ንገዛእ ርእስኻ ሓራ ክትገብራ እንተ ደኣ ኸኢልካ፡ መጻኢኻ ብሩህ ምኻኑ ክረኣየካ ይኽእል እዩ። ዕዉታት ሰባት ኣብ ስርሖምን ኣብ ሓዳሮምን ብማዕረ ሕጉሳት ኣብ ምኻን ኣይጽገሙን እዮም። እቲ ስርሐይ ንሓዳረይ ብኣሉታ ክጸልዎ ይኽእል እዩ ዝብል ስክፍታ ዘለዎ ሰብ ግዱ ኣብ ኩሉ ህይወቱ ዘይሕጉስ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብ ህይወት ትብዓት ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ብዙሓት ሰባት ሓዳር ከይገብሩ ዝፈርሑ፡ ኑቲ ኣብ ስርሖም ዘለዎም ተወፋይነትን ናጽነትን ብኣሉታ ከይጸልዎም ስለ ዝፈርሑ እዮም። ካልኦት ከኣ ካብ ስራሖም ናብ ትምህርቲ ዓለም ማለት ንዝለዓለ ትምህርቲ ክቕጽሉ ሕልሚ ስለ ዘለዎም፡ ንሓዳር ከም ቀዝሒ ክፈርሕዎ ይረኣዩ። ገሊኦም ብኡኡ ኣቢሎም ብዚይ ሓዳር ንምድረ ጹሓይ ዘዕርብዎ ኣለዉ።

እቶም ዕዉታት ሰባት ግዱ ዋላ ብድሕሪ ናብ ስራሕ ዓለም ትምህርቶም ክቕጽሉ እንተ ወሰኑ፡ ንሓዳሮም እውን ማዕረ ማዕረኡ ክሰጉምዎ ኣይእግዞምን እዩ። ትምህርቶም ምስ ዛዘሙ ድማ ኣብ ሓዳሮምን ስርሖምን ዝህልዎም ኣድማዕነት ብቐሊሉ ዝግለጽ ኣይኮነን።

ትምህርቲ ኣይውዳእን እዩ ክበሃል ብተደጋጋሚ ንሰምዕ ኢና። እዚ ኣበሃህላ ናይ ብሉፃት ንኣምሮ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ምስ ደቅናን ደቂ ደቅናን ክንመሃር ትብዓት ክንገብር ይግባእ። ትምህርቲ ምስ መሳርሕትኻን ኣቦት ስድራ ቤትካን ዝያዳ ንኽትረዳዳእ ዝድርኽ ስለ ዝኾነ፡ ብወግዓዊ ይኹን ብዘይ ወግዓዊ ካብ ምምሃር ኩቶ ክዝሕከር ኣይግባእን።

ገሌና ከም ፈረስ ብልጓም ከም እተኣሰርና፡ ብሓደ መንገዲ ምኻድ ጥራይ እዩ ዝሰልጠና። ኣብ ናይ ሞያ ትምህርቲ ንፉዓት እንተ ደኣ ኴንና፡ ኣብ ናይ ቀለም ትምህርቲ ነድምዕ ኴንና ኣይሰምዓናን እዩ። እቲ ኣብ ናይ ቀለም ትምህርቲ ዝያዳ ዘድምዕ ሰብ ከኣ፡ ሞያዊ ትምህርቲ ንዕኡ ኩቶ ዝምልከቶ ኩይኑ ዘይሰምዖ ማለኡ እዩ።

ዕዉታት ሰባት ድቃስ ቀም ዘብሉ ኩይናም ኣይሰምዖምኻን እዮም። ምኽንያቱ ኣብ ሓደ መዓልቲ ብዙሕ ነገር ክሰልጡ ኢኻ እትርእዮም።

ንሶቶም ንኹሉ ነገር ብመደብ ስለ ዝሰልጥዎ፡ ንኹሉ ነገር ክረኽብሉ ኣይጸግሞምን እዩ። ብኡኡ መጠን ከኣ እኹል ድቃስ ክረኽቡ ይኽእሉ።

ንገለ ሰባት ግዱ ዓለም ጭንቂ ጥራይ ኩይና እያ እትርእዮም። ዝኸኣ ማሰኻኽል መዋጽኦ ዘለዎ ኩይኑ ኣይሰምዖምን እዩ። ስራሕ ክጀምሩ እንከለዉ፡ ኣቐዲሞም ዝረኣዮም ሓደጋኡን ክሰራሉን ጥራይ እዩ። ከም እዚኦም ዓይነት ሰባት ጽፈት ስራሕ ከበርክቱ ኣይረኣዩምን እዩ። ቀዳምነታት ስራሕ ከመይ ከም ዝስራሕ ኣይፈልጥዎን እዮም። ሹቶኦም ንጹር ስለ ዘይኮነ፡ ኣብይ ከም ዝዕለቡ ወትሩ ምስ ተወዛበርዎም እዮም።


> *“ኑቲ እትደልዮ ንክትረኽብ ኣበርቲዕካ ስራሕ፡ እቲ ምንታይሲ፡ ከይተቓለስካ ባህግኻ ክትረኽብ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ሓያልን ተባዕን ክትከውን ኣሎካ፡ ኑቲ ኹሉ ኣብ ኣእምሮኻ ዝስእልካዮ፡ ኣብ ባይታ ክትጭብጦ ትኽእል ኢኻ፡ ሓደ ሰብ እንተ ኣካኣሚሹኻ ወይ ነቒፉኻ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ካብ ምእማን ከየቋረጽካ ናብ እወታ ለውጦ።” - **ልያ ላቤ***
>
> *“ኣብ ስራሕ ዓለም ንምዕዋት፡ ዝያዳ ገዛእ ርእስኻ ምልዋጥ እምበር፡ ቦታ ምልዋጥ ኣይኮነን ዘድሊ።” - **ኣርተር ክሪስቶፈር ቤንሰን***

ይቕጽል





# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ባዕለይ እንክምሓር


*10 ሚያዝያ 2026*
*12፡ 09 ድ.ቐ. – ኬሩ*

ትንፋስ ዘይህብ ዕላል'ዩ ጸኒሕኒ። ብኸመይ ደምበ ሰምበል (እንዳ ኮርያ) በጺሐ'ውን ኣይተረድኣንን። ብዙሓት ሓሳባት ተላዒሎም። ንገለኦም ዘሎዎም ግዕዛይ ምዕዛይ ክኣልየሎም፡ ንገለኦም ከኣ ገደብ ክገብረሎም ከም ዘሎኒ ተረዲኡኒ። ኣብ ገለ እዋን ካብቲ ኣነ ዝሓስቦ ወጻኢ ነገራት ክኸይድ እንከሎ እግረም። 'ስለምንታይ ክንድ'ዚ ናጽነት፧' ኢለ ከኣ ንነብሰይ እሓታ። ናተይ ምስ ዝበልኩዎ ሰብ ኣመና ቀሊል ይኸውን። ዝንገፍ፡ ዝሕሰስ'ኳ ኣይገድፍን። ናቱ ጽቡቕ ነገራቱ ክዓቢ ወይ ዘየድልዮ ነገራቱ ካብ ጥቓኡ ኣርሒቑ ክድርቢ ብልበይ እደሊ። ነዚ ንኽበቅዕ ከኣ መስዋእቲ ክኸፍል ኣብ ቀረባ'የ። መበገሲ ናይዚ ሓሳባት ተረዲእኒ'ዩ ዳየረይ። ሎሚ ሎሚ ናይ ዝሓለፈ ዝሕቱል ርክባትና መለሳ ዝኾነና ዛዕባ ናይ መን ምኻኑ ፍሉጥ'ዩ። ቅድሚ ኣርባዕተ ሰዓት ይኸውን፥

"ሕጂ'የ እናፈለጥኩኺ ዝኸይድ ዘለኹ፡" እናሰሓቕኩ።

"ክሳዕ ሕጂኸ፧" ነተን ጨምጫማት ኣዒንታ መሊሳ፡ ብግመ ዝተሸፈነት ወርሒ ኣምሰለተን። ዝተገረመት እናመሰለት ንግርህናኣ ክትበጽሖ ግን ክትቀርባ ኣሎካ። ናጽነታ፡ ምስ ሰብ ዘሎዋ ኣቀራርባ ካብቲ ክህሉወኒ ዝደልዮ'ዩ።

"ክሳዕ ሕጂስ ክመሃር'የ ጸኒሐ። ዘሎኪ ባህሪ፡ ኣተሓሳስባ፡ ኣካይዳ፡ … ከጽንዕ'የ ኣሕሊፈዮ። ከምዚ ካብ መምህር ናብ ተመሃራይ መንጎኛ ዘይብሉ ዓይነት።" ግልህ



ምስ ኣበለቶ መኻፍቶ ኣፋ፡ ከም ጸሓይ ብራቕ መሰለ ፊታ።

"ከምዚ ዓይነት ኣረዳድኣ ይርድኣኒ'ንድዩ ግን ኩለል ዘይብላ'የ ዝፈቱ። ኣብዚኣ ክላስ ኣይወሰድካን፡ ነቲ ናትካ ኢኻ ትህበኒ ዘለኻ፡" ነቲ 'ፌክ' እትብሎ ሰሓቓይ ከተዘክረኒ ዝደለየት ክትመስል ከም ልማዳ ዓው ኢላ ሰሓቐት።

"ኳል፡ ኣብ ሕፍረት'ዩ ጽባቐኣ'ዩ ዝብሃል። ኣፍኪ ሽፍን ኣቢልኪ ሰሓቚ፡" ከተቕንኣኒ መመሊሳ ሰሓቐት።

"ዝብሃል ገዲፍካ ንስኻ ትኣምነሉ ንገረኒ'ሞ ክሓስበሉ፡" ኣደሬኣ እናኣማዓራረየት።

"ከምታ፡ ከማኺ'የ ዝቕበለኪ። ኣነ ዝቕይሮ ክህሉ ኣይደልን'የ። ነቲ ናትኪ ግን ካብ ዘለዎ ከዳምቕ እደሊ። ንስኺ ከኣ ነቲ ናተይ። ኣይመስለክን!፧ ንዘጉድኣኪ ሓሳብን ነገራትን ግን እናርኣኹ ሰቕ ኣይብልን'የ። ቀልጢፈ ንኽትብቀስዮ ጸጋማይ ኢድኪ ክኸውን'የ። ማለተይ ድሕሪ ውሳነኺ ኣለኹ።"

"እእእ ኣብሸርካ ተሰማሚዐ ኣለኹ። ንዘያዳ ከኣ ዳሕራይ ምስ ተራኺብና ጽቡቕ ገይርና ንቕጽላ፡" ኢላትኒ ሰዓት ተቛጺርና ተፈላለና።

8:00 ድ.ቐ.

ከባቢ እንዳ ኦሞ በጺሐ ኣለኹ። መገዲ ኣየር ፖርት ብጽምዋ ተሰሊሙ ኣሎ። ምስ ኰነተ ኣእምሮይ ግዲ ክኸይድ ደልዩ ዝግ ኢሉለይ ኣሎ። የቐንየለይ ተፈጥሮ። ኣብ ቅድመይ መስ መስ እትብል ሓይሊ ዝሰኣነት መብራህቲ ናይ ጐደና ኣላ። ውሽጠይ ከምዛ ባሎ ሒዛቶ ዘላ መብራህቲ ከይከውን ፈራሕኩ። ኣገዳሲ ቈጸራ ምስ ተሰረዘ ግደ ሓቂ ሓሪቐ'የ። ኣብ ገለ እዋን እቲ ምኽኒት'ድዩ እቲ ምኽንያት ነቲ ትጽቢታትካ ክበጽሖ ግዲ ዘይክእል ኩይኑ ይውሕደካ'ዩ። ንኣይ'ውን ክወሓጠለይ ኣይከኣለን። ደስ ኣይበለንን፡ ብዝኾነ ምኽንያት'ውን ነዛ ዘላ ስምዒተይ ክትመልሳ ኣይትኽእልን'ያ። ስምዒታተይ ክእብድ'የ ናብዚ ወፊረ። ውሽጠይ ኬፍ ዘይብሉ ስምዒት ሒዙ ናብ ቤቱ ኩብል ኣይደለኹዎን። እዛ መብራህቲ ከኣ ንኽትበርህ ሓይሊ ብምስኣና፡ ነዚ ውልዕ ጥፍእ ዝብል ዘሎ ስምዒተይ ትውክሎ ዘላ ኰይኑ ተሰምዓኒ። ኣብ ትሕቲኣ ኰይነ ቀው ኢለ ኣንቃዕሪረ ጠመትኩዋ። ኪኖ'ቲ መስ መስ ነተን መበገሲ ብርሃና ዝኾና ድኹማት ቍልዒ ምስ ርኣኹ ምልስ በልኩ። ሓይሊ ውሽጠይ ከበርኽ ትጽውዓኒ ዘላ ኰይኑ ተሰምዓኒ።

ካብዛ ባሎ ነዊሕ ከይደ። ሞተር ከየጥፋእካ ደው ክትብል ከም ትኽእል ዝሕብር፡ ታቤላ ምልክት ትራፊክ ርኣኹ። ኣብ ትሕቲኣ ኮፍ በልኩ። ኣነ ከኣ ስምዒታተይ ወጋጊነ ጕዕዞይ ክቕጽል ከም ዘሎኒ፡ ናብታ ዝወዓለታ ክመልሳ ከም ዘሎኒ ዝሕብር ኰይኑ ተሰምዓኒ። ነቲ ዝሓለፍኩዎ ጐደና ብኾፈይ ምስ ተዓዘብኩዎ ኣስታት 10 ባሎ ካብታ መስ መስ እትብል ኰለን ግብ ኢለን። እዛ ኣብ ፊተይ ዘላ ግን ብሓንቲ መብራህቲ ተብርህ። እዚ'ውን ናብ ውሽጠይ መለሰኒ። ስምዒታተይ ቀስ እናበለ ክበርህ ከም ዝኽእል መረዳእታ ሃበኒ። ነታ ትበርህ ዘላ ከይትልከማ ብቐልጡፍ ወልዓያ ዝብል ቀስቃሲ ስምዒት ወረረኒ። ኣብቲ ጸላም ብኽምስታይ 'ጸሓይ ምሰል፡' ዝብል ወኒ ተሰምዓኒ። ስምዒታተይ ዘንበቡ ሸባኻታት ከኣ ኔውነጀው እናበሉ ዓጀቡኒ። ክምለስ ደለኹ፣ ምኽንያቱ ግናይ ስምዒታተይ ኣራጊፈ'የ። ምሕረት ከመይ ተሰሚዑኒ ኣሎ ክትፈልጥ ኣይትኽእልን'ያ። ኣነ ግን ነብሰይ ምሕር ኣቢለያ። እቲ ዘገድሳ እያ ገይራ። ኣነ'ውን እቲ ዘገድሰኒ'የ ገይረ። እቶም ምስ ተራኺብና ከዕልላ ዝሓሰብኩ መዓልቲ ክደልየሎም'የ። ብፍላይ እታ ብእግርና ሸናዕ እናበልና ክንጻወታ ዝሓሰብኩዋ ሕቶታት ዘሎዎ ጭራም ወረቓቕቲ ብዕጽፉ ከቐምጦ'የ። ውሽጠይ ንኽንራኸብ ናታ ድላይ ኣብ ዝኾነሉ ክኸውን ወሲኑ ኣሎ። ንራኸብ ክብላ እንከለኹ፡ ዘሎኒ ግዜ ምሳኣ ከሕልፎ ደስ ስለ ዝብለኒ'ዩ። እቲ ከይተራኸብካ ምቕናይ ባዕሉ ክመጽእ ምኻኑ ስለ ዝርድኣኒ'ዩ።

ብዓል ታክሲ መብራህቲ መስ መስ ኣቢልለይ። ከም ዝመስለኒ ምሳይ ዘሎ ብርሃን ደጕሑዎ'ዩ ዝኸውን። ባዕልኻ ስምዒታትካ ከተሕዊ ክሳብ ክንደይ ምቁር ምኻኑ ሕጂ'የ ዘስተማቐሮ ዘለኹ። ዓባይ ዓባይቶ ናይ የማነይቲ ኢደይ ዊጥ ኣቢለሉ። ዝተረዳዳእና ኰይኑ ተሰምዓኒ።

"ውሽጠይ ከዕልለኒ ጸኒሑ። ዝገደፈለይ የብሉን። ነቲ ሓቂ ስለ ዝፈልጦ። የቐንየለይ ምሕረት! ምስ ውሽጠይ ከዕልል ዕድል ስለ ዝፈጠርክለይ። ጽባሕ ብጥዑያትና የራኽበና። ልዋም ለይቲ!" ኢለ 'ቴክስ' ሰዲደላ ኣለኹ። መሓዛይ ከም ድላያ ትተርጕማ። እዛ፡ "ከምኡ ኣይትኹኒ ነብሰይ፡" ትብል ግጥሚ ቀስ ኢለ ክውድኣ'የ። ምሕረት ኣብ ቈጸራ ዘይምጽንሓ ኣይሕዘላን'የ፣ ምርጫኣ'ዩ። ኣነ ግን ኣብ ጕድና ምህላወይ ንምርጫኣ ምኽባር'ዩ።

**ዓዋተ-25**

## ቍንንቲ ጋመ

*01 ሰነ 2026 - ገዛና*

*11፡30 ድ.ቐ.*

ሰዓት ዓሰርተን ፈረቓን ድሕሪ ቀትሪ እዩ። ኣነ ድሮ ካብ ስርሐይ ኣትየ ተደሪረ፡ ድቃሰይ ጀሚረ ኣብ ዝነበርኩሉ ግዜ ህዱእ ግን ከኣ ቍዘማ ዝተሓወሶ ብኽያት ሰብኣይ ኣብ ኣእዛነይ ኣቃልሐ። ተደገመ'ውን ኣይተቛረጸን። ኣእዛነይ 'ኣብ ሕልሚ ኢኽን ዘለኽን፡' ኢለ ዲል ከላእኩወን። ግን ሕልሚስ ኣይነበረን፣ ኣብ ማእከል ገዛና ዝተኸሰተ ጕዳይ እዩ።

ብቕልጡፍ ተንሲአ ናብ ሳሎንና ሰጕምኩ። ዓቢ ኣኮይ'ዩ ዝንኽነኽ ነይሩ። ኣኮይ ይትረፍ ክነብዕ ኣንጸርጺሩ ክዛረብ'ኳ ሰሚዐዮ ኣይፈልጥን። ወትሩ ሰሓቕን ጸወታን ዕላል ቀደምን እዩ ዘዘውትር ነይሩ። እንታይ ግን ኮይኑ ይኸውን፧ ንውሽጠይ ሓተትኩ መልሲ ሕቶይ ንኽረክብ ግን ህሩግ ኢለ ክኣቱ ኣይመረጽኩን። ገለ ናይ ቤተ ሰብ መርድእ ተነጊሮም ከይኰኑ ባዕለይ ንሕቶይ መለስኩ እሞ ንምንታይ ለይቲ ምድሪ ዝነግሩዎም፧ ግን ከኣ ብዘይካ ድምጺ ናይ ኣኮይ ናይ ማማ ድምጺ ሃጢሙ እዩ። ኣብታ ደቒቕ ዘይትመልእ ግዜ ንነብሰይ ብሕቶን መልስን እንተታትን ኣዋጠርኩዋ።

ኣኮይ ቅድሚ ገለ ሰዓታት እዩ ካብታ ዝነብረላ ወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ኣትዩ። ብጽቡቕ መንፈስ እዩ መጺኡና። ኣብ ካንሸሎ ስለ ዝጸናሕናዮ ባህሊ ዓዱ ግዲ ኰይኑዎ ደስ ኢሉዎ ክስሕቕን ክጨርቕን እዩ ኣምስዩ። ኣማስያኡ ደኣ እንታይ ኣጋጢሙ፧ ሰንከሳር ኰይኑኒ ናብቲ ማዕጾ ጽግዕ ኢለ ከቋምት ፈተንኩ። ኣብ ኢዱ ገለ ነገር ሒዙ ከም ዘሎ ተመልከትኩ። ዝያዳ ዓይነይ ዝዕዘቦ ግን ኣእዛነይ ብዝሰምዓኦ ተሰሓባ።

ንማማ ጥምት የብላ፣ ማማ'ውን ዘሎዋ ትብዓት ኣኻኺባ፡ "ኣታ ኣያይ እንታይ ማለት ደኣ፧ ኣነስ ስእላ ርኢኻ ትሕጕስ መሲሉኒ እምበር ንብዓት ደኣ መን ሓሲቡዎ። ስለ እዛ ሓላል መሬት እኳ'ያ ሓሊፋ ተራ ሞት ኣይሞተትን። ናጽነት ትብሃል ዓባይ ውላድ ከኣ ህያብ ገዲፋትልና ኣላ። ዘይከም ካልኦት ከኣ ዓመት መጽአ ኵሉ ዜጋ ሽምዓ ኣብሪሁ ይዝክራ። ሕጂ ንብዓት ግደፍ! ጸሎትካ ገይርካ ደቅስ። በጃካ በስመኣብ በል፡" ዝብል ዘረባ ምስ ሰማዕኩ ቍንቍኛኡ ተረድኣኒ። ለከ እታ ቅድሚ ወርሒ ዝኸውን ካብ እንዳ ሰነዳ ኣምጺአ ኣብ ገዛና ዝሰቐልኩዋ ናይ ሰውእቲ ሓትነይ ስእሊ ርእዩ'ዩ ተደፋኒቑ ዝነብዕ ነይሩ። ንሱ'ውን መለሰላ፡ "ኵሉ እንድዩ ተራእዩኒ። ምንኣስ ሓፍተይ፡ መጻውተይ፡ መባእሰተይ፡ ድሕሪ ሞት ወላዲትና መጫንቐተይ፣ ወይ እዛ ቍንንቲ ጋመ ሓፍተይ ናፊቐያ እንድኣለይ። ኣይ ካብ ንእዲ ሕጽኖታ እንድያ ከይዳ፡" ነታ ስእሊ ደጊሙ እናዳህሰሰ። ኣነ ድሮ ኣብ ቅድሚኦም ኮፍ ኢለ ዝኽሪ'ታ ቍንንቲ ጋመ ሓትነይ ኩብደይ እናበልዓኒ ታሪኻ ክሰምዕ እዝነይ ጸልየ ነበርኩ።

**ፌሩዝ እስቲፋኖስ**
**ሜካ -74 ጕጅለ ባህሊ ኣሉሊ**

## ወገድ ንፍርሒ

*20 መስከረም 202 - ሰምበል*


ዳየሪየይ ጽብቕቲ ከመይ ውዒልኪ፧ ተስፋ እገብር ሰላም ውዒልክለይ ክትኩኒ። መቸም ከም ትፈልጥየ ዝበዝሐ ዕላለይ ዛዕባ ፍቕሪ እዩ። "ፍቕሪ ሓይሊ'ዩ፣ ፍቕሪ ጥንካረ'ዩ፣ ፍቕሪ ዕብየት'ዩ፣ ፍቕሪ ምልኣት'ዩ፡" እናበልኩ ኣብ ዝባንኪ ዝሓናጠጥኩዎ ቃላት ማእለያ የብሉን። እዚ ይኹን ደኣ እምበር፡ ኣፍቂረካ ከይከውን እናበልካ ትፈርሖን ትሻቀሎን ገለ ቃንዛ ከም ዝፈጥር ኣብ ህይወተይ ዝተዓዘብኩዎ'ዩ። ናይ ስነ ልቦና መምህረይ፡ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ዝተዛረበኒ ቃል ግን ፍሉይ ስምዒት ፈጢራትለይ። እታ ቃል፡ "ኣንጻር ፍቕሪ ጽልኢ ዘይኮነ ፍርሒ'ዩ፡" ትብል'ያ ነይራ። ነዛ ቃል ኣውሪደ ኣደይበ ኣስተንቲነያ። ብርግጽ ድማ ኣብ ነብሰይ ሓቂ ኰይና ረኺበያ። ፍቕሪ ጽሩይ መንነት ሃልዩዎ ከብቅዕ፡ ብዝተፈላለየ መግለጺ ንኽግለጽ ዝገብሮ ገለ ክፋል እምበኣር ፍርሒ ኰይኑ ተሰሚዑኒ። ምኽንያቱ፡ 'ንሓደ ዘፍቀርካዮ ሰብ ከይገድፈኒ ጥራሕ እናበልካ ትሓስብ እንተ ሃሊኻ እሞ ድማ እንተ ገዲፍካ ወይ'ውን ስለ ዝገደፈካ እንተ ተቐንዚኻ ፍቕሪ ዘይኰነ በዳሊ፡ ፍርሕኻ'ዩ በዲሉካ፡' ብምባል'ውን ደምዲመዮ ኣለኹ። ደቂ ሰባት እቲ ብተደጋጋሚ እንሓስቦ ከም ንስሕቦ መርትያ ዘየድልዮ ሓቂ ስለዝኾነ።

**ኣርሞር (ሳማራ)**

## ሳላ ምጽሓፍ

*ሰኑይ 26 መጋቢት 2022*

- ህዝባዊ ቤት ንባብ



ጠፊኣኪ ዝቐነኩ መሓዛኺ'የ። ሰላማት! ዘይምዕላል ምሳኺ ጥራይ ዘይኰነ ምስ ባዕለይ (ነብሰይ) ሃጓፍ ከም ዝፈጥረለይ እርዳእ'የ። ኪኖ ምስናድ ዝኸይድ፡ ምስጢር ዘይኰነ ጥቕምኺ ክገልጽ ቃላት ይሓጽረኒ ይኸውን እምበር ኣይጠፍኣንን'ዩ። ዕድለኛ'የ ዳየሪ ከም ዝጸሓፍ፡ ምስ ነብስኻ ከም ዝዕለል ዝተምሃርኩ። እታ ፈላመይቲ፡ ዳየረይ ኩነት፡ ዳየሪ ንምጽሓፍ ዝተዳለኹላ መዓልቲ፡ ናብዚ በጺሐዮ ዘለኹ ክበጽሕ ዝገበረትኒ መሳልል'ያ። ንላዕሊ'የ ዝድይብ ዘለኹ፣ … ኣመስግነኪ ድማ!

**ኣየ ኣማኑኤል**

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ቅድድም ብሽክለታ - ሻምፕዮን ኤርትራ 2026

ዓመታዊ ዝካየድ ቅድድም ብሽክለታ ሻምፕዮን ኤርትራ፣ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድሮ'ውን ካብ ዕለት 25 ክሳዕ 28 ሰነ ኸኻየድ መደብ ተሰሪዑ ደርኩቡ።

ኣብዚ ንሰለስተ መዓልታት ዝሰላሰል ውድድር፡ ሓሙስ 25 ሰነ ናይ ማእከሎት ተቐዳደምቲ ደቂ-ኣንስትዮ ካብ ሰዓት 7:00 ቅ.ቐ ኣትሒዘን ብዝካየድኦ ውድድር ክፍልም'ዩ። እዘን ተቐዳደምቲ ኣርባዕተ ዙርያ ዘለዎ 72 ኪሎ ሜተር ክሸፍና'የን - ሓንቲ ዙርያ 18 ኪሎ ሜተር ትሽፍን። ንኣአን ሰዒቡም ተወዳደርቲ ሰንኩላን ብዓይነት ሰንክልናኦም ተፈላልዮም፡ ናይ 5፡ 10፡ 15 ኪሎ ሜተር ውድድር ንምስልሳል ካብ ሰዓት 9:00 ቅ.ቐ ኣትሒዞም ውድድሮም ከካይዱ'ዮም። ዓብይትን ናይ ትሕቲ 23 ዓመትን ተቐዳደምቲ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ፡ 6 ዙርያ ዝሓዘ 108 ኪሎ ሜተር ንምሽፋን ሰዓት 10:00 ቅ.ቐ ኣብ ማጠቓለሲ ሕንጻጽ ክርከቡ'የን። እዚ ውድድራት ኣብ ማይ ደምሕት እዩ ክሰላሰል።

ዓርቢ 26 ሰነ ተቐዳደምቲ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜተር) ንምክያድ ኣብ መስመር ማይ ደምሕት ክርከቡ'ዮም። ኣብዚ ካብ ሰዓት 7:00 ቅ.ቐ ዝፍልም ውድድር፡ ፈለማ ናይ ማእከሎት ተቐዳደምቲ ደቂ-ኣንስትዮ 15 ኪሎ ሜተር ክሸፍና'የን። ንኣአን ሰዒቡም ናይ ማእከሎት ተቐዳደምቲ ደቂ-ተባዕትዮ ናይ 18 ኪሎ ሜተር ርሕቀት ክጐዓዙ'ዮም። 18 ኪሎ ሜተር ንምሽፋን ውድድረን ክካይዳ መደብ ተሰሪዑለን ዘሎ ዓብይትን ትሕቲ 23 ዓመትን ተቐዳደምቲ ደቂ-ኣንስትዮ እየን። ዓብይትን ትሕቲ 23 ዓመትን ተቐዳደምቲ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ ክልተ ዙርያ ዝሓዘ 36 ኪሎ ሜተር ክሽፍኑ'ዮም።




ሻምፕዮን ኤርትራ 2026 ሰንበት 28 ሰነ ኣብ ጐደናታት ኣስመራ ብዝካየድ ናይ ጽርግያ ውድድር ቀጺሉ ክውዕል'ዩ። ኣብዚ ካብ 7:00 ቅ.ቐ ዝፍልም ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ማእከሎት ደቂ-ተባዕትዮ፣ 12 ዙርያ ዘለዎ 122.4 ኪሎ ሜተር ክሽፍኑ መደብ ተታሒዙሎም ደርኩቡ። ዓብይትን ናይ ትሕቲ 23 ዓመትን ተቐዳደምቲ ደቂ-ተባዕትዮ ድማ፡ 183.6 ኪሎ ሜተር ርሕቀት ዘለዎ፡ ብ18 ዙርያ ዝዛዘም ውድድር ኪካይዱ እዮም። እዚ ውድድር፡ ተቐዳደምቲ ካብ ባሕቲ መስከረም ተበጊሶም፡ ባስተቸርያ ጉብረትንሳኤ፡ ሚዛን፡ ትረስተለ፡ ኪትካት፡ ፎቶ ሳሕል፡ ቤት-መንግስቲ፡ ባንክ ደም፡ ዓቕብት ሚ/ዜና፡ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ሚካኤል፡ ቤት-ትምህርቲ ባርካ፡ ሽዱ ሲቲ-ፓርክ፡ ሲነማ ሮማ፡ ሽዱ ኢንሹራንስ፡ ባር ቶሪኖ፡ ቦቸፊላ፡ ዳኒኤል ፋሲት ፋድ፡ ጐደና ሓርነት ብምሽፋን ኣብ ባሕቲ መስከረም ክዛዘም'ዩ። ሓንቲ ዙርያ ድማ፡ 10.2 ኪሎ ሜተር ክትሽፍን'ያ።

ሃገራዊ ፈደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ከም ወትሩ ኣብ ቦታ ውድድር ብምርካብ ንተቐዳደምቲ ደገፍኩም ክትህቡ ይጽውዕ።

## ከረን - ቅድድም ብሽክለታ ናይ ዋንጫ ሰማእታት ተዛዚሙ

ኣብ ከተማ ከረን ብምኽንያት ዕስራ ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ንኽልተ ሰናብቲ ዝተወደበ ቅድድም ብሽክለታ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ብዝተኻየደ ውድድር ተዛዚሙ።

ኣብዚ ኣብ ኣርባዕተ ምድብ ተኸፊሉ ዝተኻየደ ውድድር፡ ቀዳመን ውድድረን ዘሰላሰላ ደቂ-ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ'የን ነይረን። 25.2 ኪሎ ሜተር ኣብ ዝሸፈናሉ ኸኣ፡ ደሊና ዳዊት ካብ ጋንታ ሻሊቱ ቀዲማ ሕንጻጽ ብምርጋጽ ክትዕወት እንከላ፡ ደቂ ጋንታኣ ሰደና መርሃዊን ሶሊያና ርእሶምን ሰዒበንኣ። ደሊና ዳዊት፡ ብናይ ክልተ መድረኽ ወሃሉል ሰዓት ድማ፡ ቀዳመይቲ ኮይና። 35.5 ኪሎ ሜተር ዝሸፈኑ ኣብ ምድብ 'ሐ' ዝወዳደሩ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ፡ ፍናን ዘርኣይ፡ ኣሕመድ ያሲን፡ ሙራድ መሓመድ ሰለስቲኦም ካብ ጋንታ ጉዶጥንዳ ዕዉታት ኮይኖም። ኣብቲ ዕለት ቀዳማይ ዝኣተወ ፍናን ዘርኣይ፡ ብወሃሉል ግዜ ዕዉት ኮይኑ። ተቐዳደምቲ ምድብ 'ለ' ናይ 60.9 ኪሎ ሜተር ውድድር ዘሰላሰሉ ክኸኑ እንከለዉ፡ ተቐዳዳማይ ጋንታ ሻሊቱ ኣቤል ታደሰ ንመቐዳደምቱ ዙርያ ብምድራብ ተዓዊቱ። ኣቤል፡ ብወሃሉል ግዜ'ውን ተዓዊቱ ዋንጫ ሰማእታት ክኸውን በቒዑ። ተቐዳደምቲ ምድብ 'ሀ' ሓያል ህልኽ ዝተርኣየሉ ናይ 98.7 ኪሎ ሜተር ውድድር ከካይዱ እንከለዉ፡ ኣማን ነጋሽ ካብ ጋንታ ሻሊቱ፡ ተማሰነ ተወለ ካብ ጋንታ ሬድሲ፡ ኣሪም ገብረህይወት ካብ ጋንታ መጉዓዝያ ቀዳሞት ሰለስተ ዕዉታት ኮይኖም። ብወሃሉል ግዜ፡ ኣማን ነጋሽ ተሸላሚ ዋንጫ ሰማእታት ኮይኑ። ድሕሪ'ዚ፡ እቶም ደገፍቲ ብዝንቀውታ ዝጸበይዎም ዝነበሩ ተወዳደርቲ ዳ ኮርሱ ውድድሮም ንምክያድ ኣብ መስመር ተረኺቦ። ንሻምፕዮን ኤርትራ 2026 ንምውድዳር ምድላዋታ ኣጻፊፋ እትርከብ ጋንታ ሻሊቱ፡ ሓዳስ ማሊያ ለቢሳ ኣብቲ መድረኽ ኣብ ዝተርኣየትሉ፡ ካብ ደገፍቲ ልዑል ሞራል ተለጊሱላ። ዮናታን እድሪስ ካብ ጋንታ ሬድ ሲ ድማ፡ ነቲ 109.2 ኪሎ ሜተር ዝበሮ ውድድር ብዓወት ብምዝዛም ቀዳማይ ኣትዩ። ኤቨን ታረቀ ካብ ጋንታ መጉዓዝያ፡ መትከል ደብሳይ ካብ ጋንታ ሬድ ሲ ከኣ፡ ንእኡ ሰዒቦም ሕንጻጽ ረጊጾም። ዮናታን እድሪስ፡ ብወሃሉል ግዜ ተሸላሚ ዋንጫ ሰማእታት ኮይኑ።



## ማእከል - ኩዕሶ መርበብ ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት

ብፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ዝተወደበ፡ ንሓደ ሰሙን ዝጸንሐ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ውድድራት ኩዕሶ መርበ፡ ብሰንበትን ሰሉስን ኣብ ሜዳ ቦቸፊላ ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ጋንታታት ሳልሳይ ዲቪዝዮን ብክልተኡ ጾታ ዝሳተፍኦ ዘለዋ ውድድር፡ ብሰንበት ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ኣብ ዘሰላሰልኦ ጸወታ፡ ዋርሳይ ቤታ ኣቐድም ኣቢላ ብባሕቲ መስከረም ትጻዋዕ ዝበረት'ሞ ሰማ ናብ ዕዳጋ ሓሙስ ቀይራ እትርከብ ጋንታ 2-ብ0 ተሳዒራ። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጸወታታት ድማ፡ ዋርሳይ ንፍትሒ፡ ኣዱሊስ ንዓወት፡ ዕዳጋ ሓሙስ ንዑዲ ጓዕዳድ ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2-ብ0 ሰዒረን።

ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት፡ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣዱሊስ ንማይተሰሩ 2-ብ0 ሰዒራታ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ዋርሳይ ንኣዱሊስ 2-ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ኣብ'ቲ ንደምበ ሰምበልን ዲያእን ዘራኸበ ሱሓቢ ግጥም ከኣ፡ ደምበ ሰምበል ምስ ብሉጽ ጸወታኣ ብዲያእ 2-ብ1 ተሳዒራ። እዚ ውድድራት ቀጺሉ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ ኣዱሊስ ምስ ደምበ ሰምበል፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ምስ ዲያእ ብዝካየድኦ ውድድር ክቕጽል'ዩ።




## ማርኬታ ቮንድሮሶቫ ንኣርባዕተ ዓመት ተቐጺዓ



ሻምፕዮን ዌምብልደን ዝነበረት፡ ተጻዋቲት ባይታ ቴንስ ማርኬታ ቮንድሮሶቫ፡ መርመራ ጸረ-ሓይሊ ዝሀብ መድሃኒት ካብ ምግባር ብምሕንጋዱ ንኣርባዕተ ዓመት ካብ ምጽዋት ተኣጊዳ።

ጓል 26 ዓመት ቮንድሮሶቫ፡ ኣብ ታሕሳስ 2025 መርመራ ጸረ-ሓይሊ ዝሀብ መድሃኒት ክካይዱላ ምስ መጹኡ ናብ ቤታ ኸኸይኣትዉ ከልኪላቶም ነይራ። እዛ ኣብ 2023 ተዓዊቲት ዌምብልደን ዝኸኑት ቮንድሮሶቫ፡ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ኣብ ዝለቀቶ መግለጺ፡ "እቶም መርመርቲ ዝኸኑ 'ፕሮቶኮል' ከይተኸተሉ ናብ ቤተይ ስለ ዝመጽኡ፡ ንድሕነተይ ብምስጋእ ናብ ቤተይ ከይኣትዉ ገይረ" ኢላ። ቮንድሮሶቫ፡ ናይ ይግባይ መሰላ'ኳ ሕሉው እንተሎ፡ ክሳዕ 21 ሰነ 2030 ዝኸውን ጸወታ ካብ ምክያድ ተኸልኪላ ትርከብ።

ማርኬታ ቮንድሮሶቫ እዚ ናይ እገዳ ውሳኔ ኣብ ዝተመሓላለፈላ ግዜ፡ ኣብ ርእሲ ስግኣት ድሕነታ፡ ጸቕጥን ድኸምን ኣእምሮኣዊ ጥዕናን ነቲ ዝወሰደቶ ውሳኔ ክትፍጽም ከም ዝገደዳ ሓቢራ።

ምኽንያቱ ብዘየገድስ፡ መርመራ ሓይሊ ዝሀብ መድሃኒት ካብ ምክያድ ምሕንጋድ፡ መቕጻዕቲ ከም ዘስዕብ ክኢላታት ይሕብሩ።

ኣብ 2024 ሩስያዊት ተጻዋቲት ባይታ ቴንስ ቭላዳስላቭ ኢቫኖቭ እውን ኣብ ግዜ ውድድር መርመራ ሓይሊ ዝሀብ መድሃኒት ካብ ምግባር ብምሕንጋዱ ንኣርባዕተ ዓመት ጸወታ ከይተካይድ ተቐጺዓ ከም ዘላ ይፍለጥ።

## ቅልስ ንወርቂ ጫማ ናህሩ ይውስኽ

ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ወርቂ ጫማ ንምዕታር ልዕሊ ካልእ እዋን ሓያል ቅልስ ይርኣዮ'ሎ። ልዮኔል መሲ፡ ኣብ ክልተ ግጥማት ሓሙሽተ ሹቶ ብምምዝጋብ መራሕነት ክሕዝ እንከሎ፡ ምባፐን ሃላንድን ድማ፡ ብ4 ሹቶታት ኣሰሩ ይስዕቡ።

ኣብ ታሪኽ ዋንጫ ዓለም፡ ኣብ ክልተ ግጥም ሰለስተ ተጻወትቲ ኣርባዕተ ወይ ልዕሊኡ ሹቶ ከመዝግቡ እዚ ንኻልኣይ ግዜ'ዩ - ድሕሪ 1954 ከኣ ንፈለማ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ቅልሲ ክብሪ ወሰን ተሰይሩ ብሓደሽ ክብሪ ወሰን ክጽሓፍ ይረኣ ኣሎ። ተጻወትቲ ኸኣ ወርቂ ጫማ ንምዕታር ጥራሕ ዘይኮነ ክብሪ ወሰን ብስሞም ንምጽሓፍ ይጓየዩ ኣለው። መሲ፡ 5 ሹቶታት ብምቑጻር ብ18 ሹቶታት ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሹቶ ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝበለ ታሪኽ ኣጽሒፉ'ሎ። ምባፐ ድማ፡ 16 ሹቶታት ብምምዝጋብ ምስቲ ቅድሚ ዋንጫ ዓለም 2026 ምፍላሙ ተታሒዙ ዝነበረ ክብሪ ወሰን ተመዓራሪ'ዩ ደርኩቡ። ን48 ጋንታታት ብምስታፍ ዝተዓለወ ዋንጫ ዓለም 2026፡ ብርክት ዝበለ ሹቶታት ክቑጸር ዕድል ዝፈጥር ብምዃኑ፡ ወርቂ ጫማ ንምዕታር ኣብ ዝግበር ቅልስ ካልእ ናህሪ ዝወሰኸ ባእታ ኮይንዎ ደርኩቡ።

## ኣብ ዋንጫ ዓለም፡ ንዝተፈላለያ ሃገራት ዝውክሉ ዘለዉ ኣሕዋት

ንስድራቤት ዝልዓለ ፈተነ'ዩ። ክልተ ደቃ ንዝተፈላለያ ጋንታ ይውክሉ። ንመን ትድግፍ፣ እዚ ሕቶ ንኣርባዕተ ስድራቤታት ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ዘፍትሃን ዘሎ'ዩ። ካብ ፈረንሳዊት ኣደን ኣይቮሪኮስታዊ ኣቦን ዝተወልዱ ደቂ ደው ኣብ ቅድሚት ይሰርዑ።

ዲዜርን ጉዬላን ንፒኤስጂን ንስትራስቦርግን ይውክሉ። ክልተ ግዜ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ዝልዓለ ወዲ 21 ዓመት ዲዜሮ፡ ንፈረንሳ ይጻወት። ዓቢ ሓዉ ጉዬላ ድማ ንኣይቮሪኮስት። ዓቢ ሓዉ ኣብ ኩሉ ገጻት ህይወቱ ደጊፈኡ ምዃኑ ዝገልጽ ዲዜሮ፡ "ንተሓብበኦ ምስጢር የብልናን" ይብል። እዚ ጥቡቕ ዝምድናኦም ከኣ ኣብ ዋንጫ ዓለም ኣብ ፈተነ ክኣቱ'ዩ። ምኽንያቱ ፈረንሳን ኣይቮሪኮስትን ኣብ መድረኽ 32 ክራኸብ ተኽእሎ ስለ ዘለወን።



ንምድብ 9 ፈረንሳ ብ6 ነጥብን 5 ጸብለልታ ሹቶን ክትመርሓ እንከላ ኖርወይ ድማ ብ6 ነጥብን 4 ጸብለልታን ትስዕብ። መራሕነት ናይቲ ምድብ መን ሒዛ ትቛጸም ዘፍልጥ ግጥም ክኣ ዓርቢ ክሰላስል እዩ። ኣብ ምድብ 5 እትርከብ ኣይቮሪኮስት፡ ብሰለስተ ነጥቢ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትርከብ። ፈረንሳን ኣይቮሪኮስትን ካብ ምድበን ካልኣይቲ ኮይነን እንተ ሓሊፈን ድማ፡ 30 ሰነ ክጻወታ እየን - ደቂ ደው ከኣ ሕድሕድ ክፋለሙ'ዮም። እዚ ድሕሪ'ቲ ኣብ 2010 ዘጋጠመ ክስተት ኣብ ዋንጫ ዓለም ካልኣይ ኩይኑ ክምዝገብ'ዩ። ጀሮሚን ቦኣቴንግ ኬቨን ፕሪንስ ንጀርመንን ጋናን ወኪሎም ተጻዊቶም ነይሮም።

ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ብዘይካ ደቂ ደው፡ ካልኦት ኣሕዋት ንዝተፈላለያ ሃገራት ዝውክሉ ኣለው። ኒኮ ዊልያምስን ኢናኪ ዊልያምስን። ኒኮ ንስጳኛ፡ ኢናኪ ንጋና። ሃሪ ሱታር ንኣውስትራልያ ክውክል እንከሎ፡ ዓቢ ሓዉ ጆን ከኣ ንስኮትላንድ ይውክል። ደሬክ ሉካሰን ምስ ጋና ዝሰለፍ ክኸውን እንከሎ፡ ምንኣስ ሓዉ ብሪደን ብርሳይ ንሆላንድ ኣብ ምውካል ደርኩቡ። በዚ ኩነታት፡ ስድራቤታት ደቀን ክድግፉ ልበን ተመቓቒሉ ደርኩቡ።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ኣመሪካ፡ ናይ ባሕሪ ድሮናት ንፊሊፒንስ ኣረኪባ



መንግስቲ ኣመሪካ፡ ፊሊፒንስ ማያታ ናይ ምክትታልን ክመጽእ ዝኽእል ሓደጋታት ከሎ ገና ናይ ምልላይን ዓቕማ ንምዕባይ ዝሕግዞ ኣርባዕተ ናይ ትሕቲ ማይ ድሮናት ከም ዝሃባ፡ ኣብታ ሃገር ዝርከብ ኤምባሲ ኣመሪካ ትማሊ ሰሉስ ገሊጹ።

ፊሊፒንስ፡ ኣተን ብዝሒ ሰብ ክሳብ 30 መዓልታት ክሰርሓ ዝኽእላ ብጸሓያዊ ጸዓት ዝንቀሳቐሳ ናይ ባሕሪ ድሮናት ካብ ኣመሪካ ትርከበን ዘሎ፡ ቻይና ኣብ ጉምጉም ባሕሪ ደቡብ ቻይና ዝንሳፈፍ መዋቕር ድሕሪ ምትካላን ኣብ ልዕሊ ጸሓፊ ሚኒስትሪ ምክልኻል ፊሊፒንስ ድማ እገዳ ድሕሪ ምንባራን ዲፕሎማሲያዊ ዘይምቅዳው ክልቲአን ሃገራት መሊሱ ከሪሩ ኣብ ዘለወሉ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ቻይና እቲ ብዙሕ ውድድር ኣብ ዝርአየሉ ዞባ ዝተኸሉቶ ተንሳፋፊ መዋቕር፡ ዕላማኡ ንሳይንሳዊ ዳህሳስ ጥራሕ ምኻኑ ኣብ እዋኑ ሓብራ ምንባራ ይፍለጥ።

ኤምባሲ ኣመሪካ፡ እተን ንፊሊፒንስ ተዋሂበን ዘለዋ ዋጋ 13 ሚልዮን ዶላር ድሮናት ናይ ባሕሪ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ንዘለዋ ተወፋይነት ዘርኢ ምኻኑ ድሕሪ ምሕባር፡ እተን ድሮናት፡ ፊሊፒንስ ንዘይሕጋዊ ምግፋፍ ዓሳ፡ ከምኡ'ውን ንናጽነት ምንቅስቓስ ዘሰግኡ ንጥፈታትን ካልኦት ማያዊ ብድሆታትን ከሎ ገና ናይ ምፍላጥን ምላሽ ናይ ምሃብን ዓቕማ ከም ዘዕብያኦ ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት፡ ሓይልታት ኣመሪካን ፊሊፒንስን ኣብ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ከም ዘካየዱ ዝዝከር እዩ።

## "ኑክለሰያዊ ኣጽዋርና፡ ዓለማዊ ኩነታት ንምግጣም ሓጋዚ እዩ" ኪም ጆንግ ኡን



መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ሃገሩ ከም ኑክለሰያዊ ኣጽዋር ዝዓጠቐት ሃገር ማጠን ዘለዋ መርገጺ፡ ነቲ ዘይግሎማትን ዝተሓላለኸን ዓለማዊ ኩነታት ጸጥታ ንምግጣም እቲ እኹል መገዲ ምኻኑ፡ ምስ ማእከላይ ኮሚቴ ሰልፊ ሰራሕተኛታት ናይታ ሃገር ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ ገሊጹ።

"ብሰንኪ ልዕልና ዝደልዩ ሓይልታት፡ ዘይሕሰቡን ዘርመሱን ፍጻመታት የጋጥሙ ኣለው፡" ዝበለ'ቲ መራሒ፡ እዚ ድማ ኣብ መላእ ዓለም ዝያዳ ጉዳኣዊ ተርእዮታት ክኸሰቱ ጠንቂ ኮይኑ ከም ዘሎ፡ ብፍላይ ከኣ ኣመሪካ ኣብ ኤውሮጳን ማእከላይ ምብራቕን ንዝርአ ዘሎ ምፍሳስ ደም ተጋድዶ ምህላዋ ወቒሱ።


ኪም ወሲኹ፡ ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ንወሀድ ኑክለሰያዊ ኣቃውማአን ብቐጻሊ ብምዕባይ፡ ንኩነታት ጸጥታ ሓወሲ ደሴት ኮርያ ዝያዳ ሓደገኛ ይገብረኦ ከም ዘለዋ ድሕሪ ምጥቃስ፡ እቲ እኹል ዕላማ ናይ'ዚ ድማ ንሰሜን ኮርያ ንምጥቃዕ ምኻኑ ገሊጹ።

ኪም ብዝዮኻዚ፡ ስትራተጂያዊ ቀዳምነት ከም ዝወሃቦ ዝገለጾ ኢንዱስትሪ ከሰል ሃገሩ ዘመናዊ ንምግባርን ዕደና ዝተዐደሎም ቦታታት ድማ ዳግማይ ንምምዕባልን ዝግበር ንጥፈታት ክሕይል ምኻኑ ሓቢሩ።

ኑክለሰያዊት ሃገር ምኻና ብሕጊ ዝኣወጀት ሰሜን ኮርያ፡ ዋላ'ኳ ዘለዋ ኑክለሳዊ ዕጥቂ ከተወርድ ብኣመሪካ፡ ቻይናን ደቡብ ኮርያን ንዓመታት ዝቐጸለ ዲፕሎማሲያዊ ጻዕርታት እንተ ተኻየደ፡ እታ ሃገር ግን ኣቶማዊ ኣጽዋራ ክትገድፍ ዘሎምና ሃገር ከም ዘየለ እያ ትሕብር።

ሰሜን ኮርያ፡ ነቲ ብቡዳይ ኑክለሰያዊ ኣጽዋርን ባለስቲካዊ ሚሳይላትን ኣብ 2006ን 2017ን ብሕቡራት ሃገራትን ኣመሪካን ኣብ ልዕሊኣ ዝተነብረ ብርክት ዝበሉ እገዳታት ክትጥሕሶ ምጽንሓ ይፍለጥ።

## ህንድን ቻይናን፡ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ ኣካዪደን



ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ህንዲ ኣጂት ዶቫል፡ ጉድጌ-ጉድጊ'ቲ ኣብ ኒውደልሂ ዝተኻየደ ኣኼባ ኣማኸርቲ ሃገራዊ ድሕነት ሃገራት 'ብሪክስ'፡ ምስ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዋንግ ዪ ተራኺቡ ከም ዝዘተየ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ ገሊጹ።

ናይዚ ዓመት ፕረዚደንት ብሪክስ ኮይና ዘላ ህንዲ፡ ትማሊ ሰኑይን ሰሉስን ኣብ ኒውደልሂ ኣኼባ ኣማኸርቲ ሃገራዊ ድሕነት ብሪክስ ከም ዘእንገደት ይፍለጥ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ዶቫልን ዋንግን ዝተኻየደ ዝርርብ "ሃናጺን ንቕድሚት ዝጠመተን" ክብል ገሊጽዎ።

ክልቲኦም ሰበ ስልጣን፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ዝምድናታቶም ዘጋጠመ ጸገማት ከም ዝዘተዩሉን፡ ዝምድናታቶም ቀስ ብቐስ ናብ ንቡር ናይ ምምላስ ምልክታት የርኢ ምህላዉ ከም እተረዳድኡን መግለጺ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ዋንግ ብወገኑ፡ "ረብሓታት ሓድሕድና ከኽብር ኣሎና፡ ንተዛዋሲ ጉዳያት ድማ ብምብኡ ክንሕዞ ይግባእ" ክብል ንመርገጺ ሃገሩ ኣጺሩ።

ዋንግ ወሲኹ፡ ክልተኣዊ ኣገባብ ዘተ ዳግማይ ክጅመር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ንግዲ፡ ፋይናንስ፡ ምኽባር ሕግን መራኸቢ ብዙሃንን ዝጸንሐ ምትሕብባር ክሓይል ኣተሓሳሲቡ።

## ሃገራት ኣፍሪቃን ካሪብያንን ካሕሳ ይሓታ



ሃገራት ኣፍሪቃን ካሪብያንን፡ ካብ'ተን ካብ ሰጋገራ-ኣትላንቲክ ንግዲ ጊላ ተረቢሐን ዝነበራ ሃገራት ምዕራብ፡ ወግዓዊ ይቕረታን ካሕሳን ክወሃበን ጸዊዐን ከም ዘቕረባ ተሓቢሩ።

እዚ ጸውዒት፡ ፍትሓዊ ካሕሳ ንምስላጥ ዓሊሙ ኣብ ጋና ንሰለስተ መዓልታት ክካየድ ዝቐጸለ ዋዕላ ኣብ ዝተዛዘመሉ እዋን እዩ ቀሪቡ።

እቲ ዋዕላ፡ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሓለፈ መጋቢት ዘሕለፎ ታሪኻዊ ውሳነ ሰዒቡ ዝመጸ እዩ።

እቲ ውሳኔ፡ ንሰገራ-ኣትላንቲክ ንግዲ ጊላ "ዝኸበደ ገበን ኣንጻር ሰብኣውነት" ክብል ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብቲ ንግዲ ዝተዋስኣ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ምውላ ፊናንሲያዊ ካሕሳ ኣበርክቶ ክገብራ ዘተሓሳስብ እዩ ነይሩ።

ካብ 15 ክሳብ 19 ክፍለዘመን ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ኤውሮጳውያን ካብ 12 ክሳብ 15 ሚልዮን ንዝኾኑ፡ ኣፍሪቃውያን ካብ መበቆል ሃገሮም ኣገዲዶም ናብ ኣመሪካ ብምውሳድ፡ ኣብ ሕርሻን ካልእን ከም ጊላ የሸቅሉዎም ከም ዝነበሩ፡ መዛግብቲ ታሪኽ ይሕብሩ።

እቲ ኣብ ኣክራ - ርእሰ ከተማ ጋና ዝተኻየደ ዋዕላ፡ 19 ነጥብታት ዘለዎ ናይ ካሕሳ መደብ ብምጽዳቕ ከም እተዛዘመ ተፈሊጡ'ሎ።

ዋላ'ኳ ኣብ'ቲ መደብ ዝተወሰነ ማጠን ገንዘብ እንተ ዘይተጠቕሰ፡ ዝተረሰዑ ባህላዊ ቅርስታት ክምለሱ፡ ዓለምለኻዊ ናይ ካሕሳ ምውላ ክምስረት፡ ከምኡ ድማ ቀደም ኣብ ንግዲ ጊላ ተዋፊረን ዝነበራ ሃገራት ወግዓውን ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-ኩነትን ምሉእ ይቕረታ ክሓታ፡ ተጋባእቲ ናይቲ ዋዕላ ጸዊዖም።

ፕረዚደንት ጋና ጆን ድራማኒ ማሃማ ንተጋባእቲ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ "ታሪኽ ገበን ክንወርስ ኣይሓተናን እዩ፡ ሓላፍነት ክንወርስ ግን ይሓተና እዩ" ክብል ገሊጹ።

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን እውን ኣብ'ቲ ዋዕላ ብምግዛ ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ እቶም ጊላ ዝነበሩ ሰባት ሰብኣውነቶም ተገፊዖም ከም ንብረት ይርአዩ ከም ዝነበሩ ተኣሚኑ።

ሃገራት ኣፍሪቃን ካሪብያንን ካብ'ተን ካብ ሰጋገራ-ኣትላንቲክ ንግዲ ጊላ ተረቢሐን ዝነበራ ሃገራት ምዕራብ፡ ወግዓዊ ይቕረታን ካሕሳን ክወሃበን ጸውዒት ከም ዘቕረባ ተሓቢሩ።

## ደስኪሉ ዝጸንሐ ፊናንሲያዊ ሕሳብ ኢራን ይልቀቕ



ኣመሪካ፡ ከይንቀሳቐስ ኣደስኪላቶ ዝጸንሐት ዋንነት መንግስቲ ኢራን ዝኾነ 12 ቢልዮን ዶላር ንምልቃቕ ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሐት፡ ላዕለዋይ ተዛታዪ ኢራን መሓመድ ባገር ጋሊባፍ ገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ፡ ኣመሪካ ክሳብ 21 ኑሓሰ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ኣብ ልዕሊ መሸጣ ነዳድን ፔትሮኬሚካላትን ኢራን ኣንቢራቶ ዘላ እገዳታት ከተፍኹሶ ምኻና ድሕሪ ምሕባራ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን እስማኤል ባጋይ፡ እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ እትፍጽሞ ዘላ መጥቃዕትታት ደው ከተብሎ ኣመሪካ ከተገድዳ ግዴታ ከም ዘለዋ ኣተሓሳሲቡ።

"ብእስራኤላውያን ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ዝፍጸም ዘሎ ቀጻሊ መጥቃዕትታት ኩሉትና ንዕዘቦ ኣሎና" ክብል'ውን እቲ ኣፈኛ ገሊጹ።

ባጋይ፡ ንምጭት እስራኤልን ሕዝቦላህን "ኣዝዩ ዝተሓላለኸ ጉዳይ'ዩ" ክብል እኳ እንተ ገለጸ፡ ኣብ ዝቐጸሉ መዓልታት ግን ነቲ ግጭት ብቐዋምነት ደው ንምባል ናይ መውጽኢታ ምድላዋት ክግበር ምኻኑ ኣፍሊጡ።

"እቲ ኣብ ሊባኖስ ዝካየድ ዘሎ ኩናት ከም ዝበቕዕ ናይ ምግባር ግዴታ፡ ኣካል ናይ'ቲ ምድላዋት እዩ፡ ኣመሪካ ኣትያቶ ዘላ ውዕል ንጹር እዩ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ መጥቃዕቲ እትቕጽለሉ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት የለን" ክብል'ውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ተረኛ ፋርማሲ: ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ
ዕለት: 24/6/26
ጎደና: ጎደና ዓይገትቁ.ገዛ 17፡ ከባቢ ሲነማ ሓማሴን
ቁ.ስልኪ: 123690
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565